ኣብ ቤት ፍርዲ መርማሪ ሞት (ባህርያዊ ብዘይኮነ ምኽንያት ዘጋጥም ሞት ዝምርምር ዳኛ)
ቪክቶርያ
ኣብ መልበርን

መወከሲ ቁጽሪ ቤትፍርዲ: 2011 / 2479

***መደምደምታ ውሳነ ሞት ብምስማዕ መርትዖታትን መርመራን***

*ቅጥዒ 37 ብይን 60(1)*
*ክፋል ቁ. 67 ናይ ኣዋጅ መርመርቲ ሞት (Coroners Act) 2008*

**ምስማዕ መርትዖታት** መርመራ ሞት ናይ፡ ሚኪኤል ኣታክልት

| | |
|---|---|
| ውሳነ ዝተዋህበሉ ዕለት: | 28 ነሓሰ 2014 |
| ውሳነ ዝተዋህበሉ ቦታ: | Coroners Court of Victoria<br>65 Kavanagh Street, Southbank |
| ምስማዕ መርትዖታት ኣብ ቤት ፍርዲ ዝተኻየደሉ መዓልታት: | 11, 12, 13 14, 15 ለካቲት 2013;<br>6 ግንቦት 2013;<br>26, 27, 28, 29ን 30ን ነሓሰ 2013;<br>25, 26ን 27ን መስከረም 2013;<br>29 ሕዳር 2013. |
| መደምደምታ ውሳነ ናይ: | ዳኛ ኢያን ኤል. ግረይ, STATE CORONER |
| ተወከልቲ: | ንወይዘሮ ኣስካሉ ተላ ብምውካል ወይዘሪት ጀይ. ዲክሰንን ወይዘሪት ኤስ. ለይፊልድን<br>ንላዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ ብምውካል ሚስተር ፒ. ሎውሪ<br>ሚስተር ጂ. ኤይ. ሰዩም<br>ንላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ቲ. ማክከራከር ብምውካል ሚስተር በ.. ኣይል |
| ተሓጋገዝቲ ዳኛ መርማሪ ሞት | ሚስተር ጀይ. በርንሳይድ QCን ሚስተር ኤም. ኣልበርት |

ኣነ, ዳኛ ኢያን ግረይ ግዝኣታዊ መርማሪ ሞት, ኩነታት ኣማውታ ሚኪኤል ኣታክልት መርመራ ድሕሪ ምክያድን

ብተወሳኺ ምእካብ/ምስማዕ ሞርትዖታት ኣብ'ዞም ስዒቦም ዝጥቀሱ ዕለታት ኣብ ከተማ መልበርን ድሕሪ ምክያድን 11, 12, 13 14ን 15ን ለካቲት 2013; 6 ግንቦት 2013; 26, 27, 28, 29ን 30ን ነሓሰ 2013; 25, 26ን 27ን መስከረም 2013; 29 ሕዳር 2013 መንነት መዋቲ ሚኪኤል ኣታክልት ወይ ሰሎሞን ኣታክልት ጌታቸው-ስዩም ብተወሳኺ ብሰገድ ኣታክልት ጌታቸው-ስዩም ዝብል ስም ዝጽዋዕ ሰብ ምኳኑ ኣረጋጊጸ

ዕለት 6 ነሓሰ 1988 ተወሊዱ

ብተወሳኺ እቲ ሞት ኣብ ወይ ከባቢ ዕለት 26 ሰነ 2011 ኣጋጢሙ

ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ጥቓ ድንድል ረይሊ ሮድ (Raleigh Road Bridge)

ብምኽንያት፥

1 (a) **ምስ ኣብ ማይ ምጥሓል ዝመሳሰል**

**ኣብ ትሕቲ'ዞም ስዒቦም ዝጥቀሱ ኩነታት፥**

<u>ድሕረባይታ</u>

1. ሰሎሞን ኣታክልት ጌታቸው-ስዩም፣ ከምኡ'ውን ብ'ኻልእ ስም ሰገድ ኣታክልት ጌታቸው-ስዩምን ሚኪኤል ኣታክልት (ማይክል) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፍቱው ውላድ ኣቶ ጌታቸው ስዩም፣ ናይ ስጋ ወላዲ (ጌታቸው)ን ኣስካሉ ተላን፣ ናይ ስጋ ወላዲት (ኣስካሉ) ኔሩ።[1]

2. ማይክል ኦርቶዶክስ ክርስትያንዩ ኔሩ፣ ብኣቡኡ ጌታቸው ብኸምዚ ዝስዕብ ይግለጽ፡-

> *"ብጣዕሚ ንቑዕ ወዲ። ብጣዕሚ ጸቡቕ ተፈጥሮ ኔርዎ። ንምሳሌ፡ ብጣዕሚ ሕዉስ ኔሩ፡ ኣብ መዓልታዊ ሂወቱ ንዘቐረብዎ ኩሉም ትሕትና ኔርዎ፡ ንኣብነት ቤተሰብ፡ ኣዕሩኽ፡ መቕርብን ዋላ እግረ መንገዱ ዝተራኸቦምን። ብጣዕሚ ለዛ ዘረባ ዘለዎን ምስ ዝተራኸብዎ ቀልጢፉ ቅርበት ክምስርት ይኽእል ኔሩ። ከምኡ ድሕሪ ምባል ግን, ተሪር ኔሩ፡ ኣንድሕሪ ተተናኺሉም ግን ብዓጸፋኡ ዝምልስ ሰብ'ዩ ኔሩ።"*

<u>*ዕላማ ናይ ብዳኛ መርማሪ ሞት ዝካየድ መርመራ*</u>

3. ዕላማ መርመራ ሞት ናብ ሓደ ሕጋዊ ጸብጻብ ከቐርበሉ ዘለዎ ኩነታት ሞት ብዝተኻእለ መጠን መንነት መዋቲ ንምርግጋጽ፡ ጠንቂ ሞትን ሞት ዘጋጠመሉ ኩነታትን ንምጽራይ'ዩ።[2] ኣብ ኩነታት ኣገባብ መርመራ ሞት እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ ጠንቂ ሞት ብሕክምናዊ ዓይኒ (ብዝተኻእለ መጠን ቅጥዒ ወይ ከኣ ኣገባብ ኣማውታ ወሲኽካ)ን ትርጉም ወይ ድሕረባይታን፣ ብዝከኣል መጠን ናብ ሓቅነት ዝቐረበን ብዓይኒ ጠንቂ ምስ ሞት ዝያዳ ዝተኣሳሰሩን'ዩም፡ ግን ኩሎም እቶም ኣካል ናይቲ ብሞት ዝተዛዘመ ዛንታ ክ'ኾኑ ዝኽእሉ ኩነታት ኣይኮነን።[3]

---

[1] *መሰነይታ ጽሑፋት መጎተ ናይ ጌታቸው ስየም፡ ገጽ 2*

[2] ክፍል ቁ. 67(1) *ናይ ኣዋጅ መርመርቲ ሞት* (Coroners Act) 2008. ኩሎም ሰዒቦም ዝጥቀሱ መወከሲታት ካብ'ዚ ኣዋጅ ዝውሰዱ ጥቕሲታት'ዮም፡ ክከምኩነታቱ ብፍሉይ እንተዘይቀሪቦም

[3] እዚ ሳዕቤን ናይቶም ሰበስልጣንዩ- ንኣብነት Harmsworth v The State Coroner [1989] VR 989; Clancy v West (Unreported 17/08/1994, Supreme Court of Victoria, Harper J.) ረኣ።

4. እቲ ዝሰፍሐ ዕላማ መርመራ ሞት ብመንገዲ ውጽኢት ደምዳሚ ውሳነታት ናይ'ዚ መርመራን ካብ'ቲ ዳኛ ዝወሃብ ለበዋታት፣ ብሓፈሽኡ ብሰም ናይ ምክልኻል ግደ ዝጽዋዕ፣ ከንክላኸሎም ንኽእል ሞት ኣብ ምጉዳል ክነበርክት'ዩ።[4] መርመርቲ ሞት ደያኑ ምስዝኾኑ ምርመራ ዘካየድሉ ጉዳይ ሞት ርእይቶ ክህቡ ስልጣን ተዋሂብዎም'ዩ፣ ህዝባዊ ጥዕናን ድሕነትን ዝምልከቱ ጉዳያትን ትግባረ ፍትሕን ወሲኽካን፣ ንዝኾነ ሚኒስተር ወይ ህዝባዊ ሓላፍነት ዘለዎ በዓል መዚ ኣብ ዝኾነ ምስ ሞት ምትእስሳር ዘለዎም ጉዳያትን ህዝባዊ ጥዕናን ድሕነትን ምትግባር ፍትሕን ለበዋታት ይህቡ።[5] እዚኦም ከኣ ነቲ ናይ ምክልኻል ግደ ዝበሃል ክድፈኣሉ ዝኽእል ጽፉፍ መሳርሒታት'ዮም።[6]

5. ካብ'ዚ ኣብ ትሕቲ መርመራ ዘሎ ጉዳይ ሞት ዝለዓል ገበናዊ ወይ ከኣ ሲቪላዊ ተሓታትነት ውሳነ ምሃብ ሓላፍነት'ዚ ዳኛ ኣይኮነን።

6. ኣነ ሞት ማይክል ከምርምር ብሓላፍነት ዝሓዝኩዎ ሕዳር 2012'ዩ፣ ድሕሪ'ቲ ቀዲሙ ሒዝዎ ዝነበረ ዳኛ ግዝኣት እቲ ጉዳይ ናብ ምእካብ መርትዖታት ከምርሕ'ዩ ዝብል ሓበሬታ ድሕሪ ምሃብ ካብቲ ጉዳይ ምስተኣልየ'ዩ።

<u>መሰርሕ ምእካብ መርትዖታት</u>

7. ብዕለታት 11፡ 12፡ 13፡ 14ን 15ን ለካቲት 2013; 6 ግንቦት 2013; 26፡ 27፡ 28፡ 29ን 30ን ነሓሰ 2013; 25፡ 26ን 27ን መስከረም 2013ን 29 ሕዳር 2013 ኣማውታ ማይክል ንምጽራይ መርመራን መሰርሕ ምእካብ መርትዖታት ኣካይደ።

8. ንምእካብ መርትዖ እቲ መርመራ ዘድህበሎም ሕቶታት መንነት ማይክል፣ ጠንቂ ሞቱን ሞት ዘጋጠመሉ ኩነታትን ምጽራይንዮም ኔሮም።

9. እዞም ዝሰዕቡ መሰኻኽር መርትዖ ሂቦም፡

- ኣስካሉ ተላ - ኣደ ማይክል
- ጌታቸው ኣታከልት ሰዩም - ኣቦ ማይክል
- ሙና ጊዶኒ ገብረሓት - መሓዛ ኣደ
- ማርታ ገብረመድህን
- ሳሙኤል ኻሊፋ ዲቻክ
- ያይ ችል
- ግርማይ መንገሻ
- ጸሃየ ተክላ ነጋሽ
- ሰራፌል ኣለማየሁ
- ዶ. ኖኤል ዉድፎርድ

[4] እቲ ናይ "ምክልኻል" ("prevention") ግደ ሕጂ ብንጹር ቃላት ኣብ መእተዊን ዕላማታት ኣዋጅ ናይ ሕግታት መርመርቲ ሞት (Coroners Act) 1985 ብንጹር ተቐሚጡሎ፣ እዚ እኳም ቅድሚ ሕጂ ብሓፈሽኡ "ብድፍኑ" ("implicit") ከምቅቡል ይውሰድ ኔሩ።
[5] ክፋላት 72(1), 67(3)ን 72(2) ኣዋጅ ንጸብጸባት፣ ርእይቶታትን ለበዋታትን (ብተርታ) ዝምልከት ረአ።
[6] ብተወሳኺ ክፋላት 73(1)ን 72{5) ናይ'ቲ ሕግታት ረአ፣ ኣብ'ቲ ሕግታት ወጽኢታት ዝኾነ ዓይነት መርመራ ከሕተም ምስኡ'ውን እቲ ኩሉ ርእይቶታት፡ ለበወታትን መልስታትን (በብተርትኡ)፣ ክፋል 72(3)ን (4)ን ንተቐባሊ ለበዋታት መርመራ ኣብ ውሽጢ 3 ወርሒ መልሲ ክህብ የገድዶ፡ ብመንጽር ለበዋታት ዝተወሰደ ወይ ዝውሰድ ጽሑፍ ትግባረ የነጽር።

- ዶ. ባይረን ኮሊንስ
- ሾላ ስታይኮስ
- ዶ. ሊንዳ ኣይልስ
- ረበካ ኮቶን
- ሰርገንተ ጂዮርጅ ዲከሰን
- ኤልሳ ግደይ
- ዴቪድ ጎልዲ ፕሮቪስ
- ኮንስታብል ኖዋ ቢዝሊ
- ኮንስታብል ቲም ሮቢንሰን
- ኮንስታብል ብሮከወል
- ኮንስታብል ሞም
- ኮንስታብል ኣንድርው ፕሪስሊ
- ኮንስታብል ረመድዮስ
- ኮንስታብል መይድመንት
- ዶና ሉዊስ ደጊል
- ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ከረይግ ራይት
- ኮንስታብል ኣድርያን ሚልስ
- መርማሪ ሰርገንት ፒተር ቢተን
- ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ቲም ማክከራከር
- ላዕለዋይ መርማሪ ሰርገንት ፒተር ታተር-ረንደልማን

10. ኩሎ'ቲ መርትዖታት ብኣስተርጓሚ ትግርኛ ተተርጊሙ። ኩሎ'ቲ ብቋንቋ እንግሊዝ ዝተዋህበ ናይ መሰኻኸር መርትዖ ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ መታን ክርደኦምን ኣብቲ መርመራ ከምዝሳተፉ ንምግባርን ናብ ቋንቋ ትግርኛ ተተርጊሙ። ብተወሳኺ ዝበዝሐ ካብቲ ጽሑፋዊ መርትዖታት ተተርጊሙ ናብ ማሕበረሰብ ትግርኛ ተዋሂቡ።

11. ኣብቲ መስርሕ ምቕራብ መርትዖታት ኣስተርጓሚ ኢብራሂም ዓሊ ንመርትዖታት ብግቡእን ብሞያዊ ብቕዓትን ተርጒምዎም። ሓገዝ ኣቶ ኢብራሂም ንዓይ ጥራይ ዘይኮነ ኣመና ኣገዳሲ ኔሩ፡ ማሕበረሰብ ትግርኛ መርትዖታት ክርእይዎን ኣብ'ቲ መርመራ ከምዝሳተፉ ኣብ ምግባርን ዓቢ እጃም ኣበርኪቱ።

12. ኣብ ምዝዛም ናይቲ መርመራን ምእካብ መርትዖታት ሂወት ማይከል ዘርኢ ቪድዮ ተቐሪቡለይ። እቲ ቪድዮ ስምዒትካ ዝተንከፍን ማይከል ክሳብ ክንደይ ተፈታውን ህቡብን ከምዝነበረ የርኢ።

<u>መንነት</u>

13. ኣቡኡ ንማይክል ናይ ወዱ ሬሳ ካብ ሩባ ማሪቢ.ርኖንግ ምስ ወጸ ርእይዎ፡ ወዱ (ማይከል) ምዃኑ ኣለልይዎ።

14. ዋላ'ኳ ብኽፉል እንተመሽመሸ፡ ኣብ መዛግብቲ ቤት ፍርዲ ዘለው ስእልታት ሬሳ ማይከል ቁሩብ ቅድሚ ምማቱ ምስ ዝተወሰደ ካልእ ስእሊ ብዞሕ ናይ ሓባር ባህርያት ከምዝካፈል ንጹር ይገብሮ።

15. ኣብ ግዜ ምሃብ መርትዖታት ካብ ወለዲ ማይከል፡ ኣስካሉን ጌታቸውን ዕለተ ልደቱ 6 ነሓሰ 1988 ከምዝኾነ ተቐቢለ፣ ዋላ'ኳ ዝተፈላለየ ዕለተ ልደት ዘለዎ ካልእ ወረቓቕቲ መንነት እንተነበሮ።

16. ብተወሳኺ ካብ ኣሰካሉን ጠበቓ ስቱዋርት ዌብን (ምስ ቪክቶርያ ሌጋል ኤይድ ዝነበረ) ማይክል ብዝተፈላለየ ኣሰማት ዝተጻሕፈ ወረቓቕቲ መንነት ከምዝነበሮ መርትዖ ተቐቢሉ። እዞም ኣሰማት ሚኪኤልን ሰገድን ከም ፈለማ ስም፣ ኣታክልትን ሰዩምን ከም ናይ ስድራ ስም፣ የጠቓልሉ። ከምኡ'ውን ማይክል ብመሓዘቱ ብብዙሕ ኣሰማት ይፍለጥ ከምዝነበረ ተሓቢረ ኔረ።

17. መንነት መዋቲ ብወግዒ ሚኪኤል ኣታክልት: ወይ ሰሎሞን ኣታክልት ጌታቸው-ስዩም: ወይ'ውን ሰገድ ኣታክልት ጌታቸው-ስዩም ምዃኑ መደምደምታ ይህብ።

<u>ሕክምናዊ ጠንቂ ሞት (ጠንቂ ሞት ብዓይኒ ሕክምና)</u>

***መርመራ ሞት VIFMን ጸብጻብ መርመራ ሞትን***

18. 12 ሓምለ 2011 ኣብ Victorian Institute of Forensic Medicine (VIFM) ቀንዲ ከኢላ ስነሕማም ሽሊ ሮበርትሰን ኣብ ልዕሊ ሬሳ ማይክል መርመራ ኣካይዳ። ዶ. ሮበርትሰን ከታም ዘይተነብረሉ ጸብጻብ መርመራ ሬሳ ኣዳልያ: ኣንተኾነ ግን ካብ ትካል VIFM ስለዝለቐቐት: እቲ ጸብጻብ ብዶ. ኖኤል ዉድፎርድ ደጊሙ ተራእዩ: ተወዲኡን ተኸቲሙን። ዶ. ዉድፎርድ ነቲ ጸብጻብ ኣብ'ቲ ምእካብ መርትዖ ኣቕሪብዎ።

19. እቲ ጸብጻብ መርመራ ሬሳ፣ ጠንቂ ሞት 1(a) ምስ ኣብ ማይ ምጥሓል ዝመሳሰል ዝብል ይህብ።

20. እቲ ጸብጻብ ነዞም ዝስዕቡ ረኢይቶታት የቐምጥ:-

> *"ኣመዓባብላ ለውጢታት ምሽማሽ ድሕረ ሞት እናተቐየየረ ዝኸይድ ተርእዮ'ዩ። እንተኾነ ግን እቶም ኣብ ግዜ መርመራ ሬሳ ዝተለለዩ ምልከታት ምስቲ ኣብ ከባቢ'ቲ መዋቲ ብሂወቱ ንመጨረሻ ግዜ ተራእይሉ ዝነበረ ግዜ ዘጋጠመ ሞት ተመሳሲልቲ ኔሮም።*
>
> *ዝኾነ ዓይነት ተፍጥሮኣዊ ሕማም ሞት ዘሰዓበ ወይ ናብቲ ዝሰዓበ ሞት ኣበርኪቶ ዝገበረ ከልለ ዝኽኣለ ኣይነበረን። ሞት ኣሰዒቦም ክኾኑ ተኽእሎ ዘለዎም ዓይነት መጉዳእትታት ዝተለለዩ ኣይነበሩን።*
> *ካልእ ጠንቂ ሞት ኣብ ዘይሃለወሉ ግዜን ናይ መዋቲ ሬሳ ኣብ ማይ ዝተረኸበ ምዃኑ ወሲኽካ ብናተይ ርእይቶ እቲ ከም ጠንቂ ሞት ብዝበለጸ ክቐጸር ዘለዎ ምጥሓል'ዩ።*
>
> *እዚ ጸብጻብ ብምኽንያት ምስንባት ዶ. ሽሊ ሮበርትሰን ካብ VIFM ብዶ. ኖኤል ዉድፎርድ ደጊሙ ተራእዩ: ተወዲኡን ተኸቲሙን'ዩ:: ኣብ ትሕዝቶ'ዚ ጸብጻብ ዝሀልው ዝኾነ ሕቶታት ናብ ዶ. ዉድፎርድ ክቐንዕ ኣለዎ። ኣነ ነዚ ጉዳይ ምስ ዶ. ባይረን ኮሊንስ ኣማኻሪ ንቤት ፍርዲ ዝምልከት ስነ ሕማም ተዘራሪበሉ'የ።"[7]*

*ኣብ ከንዲ ቤተሰብ ዝተኻየደ መርመራ ሬሳ*

21. ኣማኻሪ ንቤት ፍርዲ ዝምልከት ስነሕማም ዝኾነ ዶ. ባይረን ኮሊንስ'ውን ናይ ድሕረ-ሞት መርመራ ኣካይዱ። ብዶ. ሮበርትሰን ዝተዳለወ ጸብጻብ መርመራ ሬሳ'ውን ደጊሙ ርእይዎን ምስ ዶ. ዉድፈርድ ተዘራሪብሉን።

22. ዶ. ኮሊንስ ንጠንቂ ሞት ዝምልከት ነዚ ዝስዕብ ረኢይቶ ገሊጹ:-

---

[7] ርእይቶታት ጸብጻብ መርመራ ሞት, ሕጥበ ጽሑፋት 3, 6, 7, 8, 11ን 12ን.

> *“ዋላ’ኳ ምስ ጠንቂ ሞትን ንዕኡ ኣመልኪቱ ዝሰዓበ ርእይቶታት ብሓፈሽኡ ዝሰማማዕ እንተኾንኩ፡ ኣብ’ቲ ጸብጻብ መርመራ ሬሳ ቀሪቡ ከምዘሎ ጠንቂ ሞት “ክረጋገጽ ዘይተኻእለ” ተባሂሉ እንተዝዝርዘር ቅቡል ምኾነ- ግሲጋሰ መርመራ ኣብ ግዜ ሞት ዝነበረ ኩነታት ብተገዳስነት እንተርኢኻ፣ ጸብጻብ ዶ. ዉድፈርድ ኣብ ዝተዳለወሉ እዋን።*
>
> *መሰርሕ መርመራ ኣብ ሩባ ጥሒሉ ዝተረኽበ ሬሳ ኣብ ዝተኻየደሉ እዋን ብንጹር ከልለዩ ዝኽእሉ “ሞት ብምጥሓል” ዘማላኽቱ ንጥረ ነገራት ኣይተረኽቡን፡ እቲ ውልቀሰብ ኣብ ማይ ቅድሚ ምእታው ብሂወት ኔሩ ዝብል ኣፍልጦ ወሲኽካ ከምኡ ዓይነት መደምደምታ ክብጻሕ ዝከኣል፡ ነዞም ዝሰዕቡ ካልኦት ኩሎም ኣማራጺ ዝኾኑ ቅቡል ጠንቅታት ኣናኣለኻ ብዝግበር መሰርሕ ጥራይ’ዩ፡*
>
> *(i) ኣቓዲሞም ዝነበሩ መሰርሕ ተፈጥሮኣዊ ሕማማት*
>
> *(ii) ጎዳኢ ሳዕቤናት መድሃኒት/ዕጽ*
>
> *(iii) ስነኣእምሮኣዊ ስቓይ*
>
> *ኣብ’ዚ ፍሉይ ጉዳይ ለውጥታት ምምሽማሽ ኣብ’ቶም ቀንዲ ኣካላት ምህላዉ ነቲ መርመራ ደቀቕቲ ህዋሳት ዝሓዘ ኣጉሊሑ ዘርኢ መነጽር ሰሌዳታት ቁሩብ ቀይርዎ፡ እንተኾነ ግን ናይ ዝኾነ ዓይነት ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ሞት ዘሰዓበ ወይ ናብ ሞት ኣበርኪቶ ጌሩ ክኸውን ዝኽእል መሰርሕ ሕማም ምህላው ግሉጽ መረጋገጺ ኣይነበረን፡፡”*[8]

*ጎኒ ጎኒ ዝቐረበ መርትዖታት ኣባላት ሕክምና*

23. ኣብ ግዜ መርመራን ምእካብ መርትዖን ነዞም ዝስዕቡ ሰባት ዝሓቐፈ ሕክምናዊ ጉጅለ ተሓጊዙ ኔረ፣ ዶ. ዉድፈርድ፡ ዶ. ኮሊንስ፡ ዶ. ሊንዳ ኣይልስ (VIFM መርማሪት ስነሕማም)ን ወ/ት ሾውላ ስታይኮስ (ኣብ VIFM ላዕለወይቲ መርማሪት ስነምረዛ)። ብሚስተር በርንሳይድ QC ዝተዳለወሎም ተኸታተልቲ ሕቶታት መልሶም። ሕቶ ቁጽሪ 5 እዛ ትስዕብ ኔራ፡

> *“እቲ ሬሳ ካብ ሩባ ኣብ ዝወጸሉ እዋን ካብ’ቲ ኩነታቱ እንታይ ስነፍልጠታውን ሕክምናውን መደምደምታ እንተሃልዩ ክብጻሕ ይከኣል መልሲ፡ ምጥሓል ከም ጠንቂ ሞት ወሲድካ ዝግበር መርመራ ብምእላይን ውጽኢታት መርመራ ሬሳን ኩነታትን ኣብ ግምት ብምእታው ዝምርኮስን’ዩ። ሞት ኣሰዒቦም ክኾኑ ተኽእሎ ዘለዎም ዓይነት መጉዓእትታት ዝተሰለዩ ኣይነበሩን። ዝኾነ ዓይነት ተፍጥሮኣዊ መሰርሕ ሕማም፣ ሞት ዘሰዓበ ወይ ናብ’ቲ ዝሰዓበ ሞት ኣበርኪቶ ዝገበረ ክልለ ዝኽኣለ ኣይነበረን።*
>
> *ነዚኦም ኩሎም ረቛሒታት ኣትኩርካ ድሕሪ ምርኣይ ጠንቂ ሞት ተባሂሉ ክወሃብ ዝከኣል “ምስ ምጥሓል ዝመሳሰል፡” ወይ “ክረጋገጽ ዘይተኻእለ”ዩ። እዞም ጠንቅታት ሞት’ዚኣቶም ነንሓድሕዶም ተነጻጺሎም ዝኽዱ ኣይኮኑን።”*[9]

24. ጸብጻባት ሕክምናዊ ክኢላታትን ክኢላታት ስነሕማምን ኩሎም ዘትኮርሉ ምጥሓል ከም ጠንቂ ሞት ወሲድካ ዝግበር መርመራ፡ ንኻልኦት ጠንቅታት ብምውጋድ’ዩ። እቶም ኣብቲ ግዜቲ ዝነበሩ ኩነታት ነቲ ጠንቅታት መርመራ ንምሕባር ኣገደስቲ’ዮም። ኣብ ግዜ’ቲ ምእካብ መርትዖታት ከም ጭብጢ እቶም ሕክምናዊ ክኢላታት ካብ ምጥሓል ወጻኢ ከም ጠንቂ ሞት ክኾኑ ዝኽእሉ ካልኦት ተኽእሎታት ክስርዙ ይኽእሉ እንተኾይኖም ተሓቲቶም ኔሮም፣ ዶ. ዉድፎርድ ከምዚ ኩብል ይምልስ፡

> *“እወ ትስርዝ፣ እዚ ከኣ ኣብ ምንታይ’ዩ ዝንጸባረቕ ዘሎ - ብዝለዓለ ተኽእሎ - ግን ንኩሎም ብዛዕባ ዘይርግጸኛነት ዝምልከቱ ሎሚ ዝዓህሰስናዮም ኩሎም ምኽንያታት እታ ናይ ምጥሓል ምናልባት ብዝሓሸ ኣገላልጻ ከም ምስ ምጥሓል ዝመሳሰል ተባሂላ ከትቅመርን ምስ ጠንቂ ሞት ንምግላጽ ኣብ’ቲ ጸብጻብ ቀሪቡ ዘሎ ኣገባብ ንለ ተመሳሳልነት ከዕቅብ ስለዘለዎን’ዩ፡፡ ስለ’ዚ እቲ መልሰይ እወ’ዩ፡ ርእይቶይ ከምኡ’ዩ ዘሎ።”*[10]

25. ኣብ ተመሳሳሊት ነጥቢ ዶ. ኮሊንስ ኣብ ግዜ’ቲ ምእካብ መርትዖታት ከምዚ ይብል፡

> *“እቲ “ምስ ምጥሓል ዝመሳሰል” ዝብል መርመራ ጠንቂ፣ ምስ’ቲ ንሕና ቅቡል ዝኾነ ካልእ ጠንቂ ሞት ዘይረኸብና ምኧና ዝብል ሓቂ ዝተኣሳሰርን ምስ’ቲ ሽዑ ዝነበረ ኩነታት ዝተሓሓዝን’ዩ ኔሩ። “ዘይተጻረየ” ዝብል ቃል ብጽኑዕ እንድሕሪ ርኢኻዮ፣ ንሕና ስነሕመማዊ ዝኾነ ጠንቂ ሞት የብልናን እቶም ኩነታት ብዘይምህላዎም፣ ነቲ*

[8] ሓጺር ጽሟቕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን, ገጽ 774, ሕጥበ ጽሑፋት 1 – 3.

[9] ኤግዚቢት P.

[10] ቅዳሕ ገጽ 273 – 274.

> *"ዘይተጻረየ" ን"ምስ ምጥሓል ዝመሳሰል" ን ዝብሉ ናብ "ምጥሓል" ዝብል ከቕየሩ ይኽእሉ'ዶ ንዝብል ብዓቢኡ ኣብ'ቲ መርመራ ናይ ሽዑ ዝነበሩ ኩነታት ይምርኮስ"*[11]

26. ኣዲኡ ንማይከል፡ ኣስካሉ፡ ሕክምናዊ ጠንቂ ሞት ኣብ ከንዲ "ምጥሓል" ወይ ከኣ "ምስ ምጥሓል ዝመሳሰል" ዝብል መደምደምታ ዝበጽሕ "ዘይተጻረየ" ኢሉ ከድምድም መጎተ ኣቕሪባ።

27. ኣብ'ቶም ዝነበሩ ኩነተታት ተሞርኪስካ ከም'ቲ ዝተደምደመ እቲ "ዘይተጻረየ"ን "ምስ ምጥሓል ዝመሳሰል"ን "ምጥሓል"ን ዝብሉ መግለጺታት ኣብ ዓቕን ኣገላልጻ ይፈላለዩ፡ ፈላሊኻ ክትገልጾም ኣብ ግዜ ሞት ዝነበሩ ኩነታት ተሞርኩስካ ይኸውን።

28. ኣብ'ዚ እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ኩነታት፡

- ሰናቡእ ማይከል ማይ ሒዘም ኔሮም;
- ሬሳ ማይከል ኣብ ማይ ጥሒሉ ንሓያለ እዋን ጸኒሑ ከምዝነበረ ዘርኢ ምልክታት ኣርእዩ
- *ሞት ኣሰዒቦም ክኾኑ ዝኽእሉ ኣካላዊ መጉዳእቲ/መቑሰልቲ ኣብ ኣካላቱ ኣይነበረን.*[12]

29. ንጉዳይ ኣካላዊ መጉዳእቲታት ዝምልከት፡ ኣብ ጸጋማይ ወገን ናይ ግንባሩ ዝነበረ ህራም ምስ ሞቱ ዘራኽብ ነገር ከምዘይብሉ ብሚስተር በርንሳይድ QCን ንኮሚሽነር ፖሊስ ዝወከለ ሚስተር ሎውሪን ዝቐረበ ጽሑፋዊ መጎተ ተቐቢለ'የ።

30. ሞት ዘሰዓቡ ወይ ከኣ ናብ ሞት ዘበርከቱ ተፈጥሮኣዊ መስርሓት ሕማም ኣይነበሩን።

*ሰነ ምረዛ (ሰነ መርዚ)*

31. ንኣልኮልን ድራግን ዝምልከት ጉዳይ ከኣ ኣልኮል ይኹን ካናቢስ ናብ ሞት ኣበርከቶ ዘለዎም ኮይኖም ከምዘይተረኽቡ ንጹርን ዘየካትዕን'ዩ፡

32. ኣስካሉ ድራግ/ዕጽታት ናብቲ ሞት ኣበርኪቶም ክኾኑ ከምዝኽእሉ መጎተ ተቐርብ፡

> *"ንኣበርክቶ ኣልኮልን ድራግን ኣብ ሕክምናዊ ጠንቂ ሞት ማይከል ዝምልከት፡ ኣልኮል ኣበርክቶ ዝነበሮ ጠንቂ ከምዘይነበረ ንጹር ይመስል። ተጠቃሚ ካናቢስ ኣብ ግዜ ማሕበራዊ ምዝንጋዕ ዝኾነ ማይከል ብሃልኪ ካናቢስ ክንድ'ዚ ዝኣክል ከጸሎን (ኣበየናይ መዓልቲ ኣጋጢሙ ብዘየገድስ) ከሳብ ሚዛኑ/ኣእምሮኣዊ ከእለቱ ምቁጽጻር ከስእን ብፍላይ ከኣ ምስ'ቲ ውሑድ ዓቐን THC ኣብ ግዜ መርመራ ሬሳ ኣብ ነብሱ ዝተሰከፀ ኣብ ግምት የእቲኻ ማለት'ዩ።"*[13]

33. ንምጥቃም ካልእ ዓይነት ዕጽታት ብፍላይ ከኣ Gamma Hydroxybutyrate (GHB) ዝምልከት ናይ ኣስካሉ መጎተ ዝነበረ፡-

> *"ማይከል ብግዲ ብዘይፍቓዱ ወይ ከኣ ብዘይኣፍልጦኡ ብኽፍኣት ዝተዋህቦ ወይ ብኣፉ ዝወሓጦ ከም GHB ዝኣመስለ ነገር ንቕሓተ ኩነት ኣእምሩኡ ተቐይሩ ኔሩ ዝብል መጎተ ከንጸግ ኣይከኣልን'ዩ (ኣብ'ዚ ጉዳይ GHB ውሩይ ድራግ ምኳኑ'ዩ)።"*[14]

---

[11] ቅዳሕ ገጽ 272 – 273.

[12] *መዕጸዊ መጎተታት ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ, ሕጥበ ጽሑፍ 9.*

[13] *መጉተታት ኣብ ክንዲ ወ/ሮ ኣስካሉ ተላ, ሕጥበ ጽሑፍ 22.*

[14] ኣይቢድ ሕጥበ ጽሑፍ 21.

34. መጠን GHB ንምዕቃን መርመራ ስነምረዛ ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን መስርሕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን ተኻይዱ። GHB ኣብ ሽርኣያታት (ናሙና) ደሙን ሽንቱን ተረኺቡ፣ ግን ኣብ ጠርሙስ ናይቲ ካብ ናይ ዓይኑ ፈሳሲ ዝተወሰደ መርኣያ (Vitreous humor) ኣይተረኸበን።

35. ኣብ ጸብጻብ ክኢላ ስነምረዛ ሾውላ ስታይኮስ መጠን GHB ኣብ ደምን ሽንትን ማይክል 36 ሚ.ግ/ሊ. (ሚሊ ግራም ኣብ ሓደ ሊትሮ)ን 54 ሚ.ግ/ሊ.ን (በብተርትኡ) ኔሩ ትብል። GHB ኣብ መርኣያ ፈሳሲ ዓይኒ ኣይተረኸበን። ብናታ ኣረኣእያ እዚ ዓቐናት ናይ GHB ኣብ ደምን ሽንትን ካብ ነብሱ ዝመንጨወ'ዩ: ግን ካብ ንወሽጢ ዝኣተወ ደጋዊ ነገር ክኸውን ከምዝኽእል ክትነጽጎ ኣይክኣለትን።

36. እቲ መርትዖ ድራግ ወይ ክኣ ድራጋት ኣብቲ ዝሰዓበ ሞት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣበርክቶ ዝነበሮም ጽልዋታት ኣይነጽግን'ዩ። ማይክል GHB ይኹን ዋላ ካልእ ዓይነት ድራግ ወሲዱ፣ ምናልባት'ውን ከይፈለጠ፣ ኣብ ግዜ መስርሕ ምምሽማሽ ብዝተፈጥረ ለውጥታት ግን ከይተራእየ ተሓቢኡ ክኸውን ዝኽእል ዝብል ተኽእሎ ክንጽግ ኣይተኻእለን። ኣብ ግዜ መስቀላዊ ሕቶታት ኩሎም ክኢላታት ሕክምና፣ ማይክል ብድራግ ተጸልዩ ኔሩ ክኸውን'ሞ ሃለዋቱ ከጥፍእን ቅድም ምማቱ ክኣ ኣብ ማይ ኣትዩ ክኸውንን ዘሎ ተኽእሎ ምሉእ ብምሉእ ክንጽግ ኣይተኻእለን።

37. ኣበርክቶ ድራግ ኣብ ሞት (እንድሕሪ ሃልዩ ኮይኑ) ኣወንታዊ መደምደምታ ንምሃብ እኹል ዝኾነ መርትዖ የለን። እንተኾነ ግን ማይክል ብድራግ ክጽልወሉ ዝኽእል ኩነታት ዘሎ ተኽእሎታት ክንጽግ ሰለዘይተኻእለ ኣማውትኡ "ዘይተረጋገጸ" ተባሂሉ ኣብ መደምደምታ ክብጻሕ ምስዝብል ኣይሰማማዕን'የ።

38. ብኣስካሉ ዝቐረበ፣ ኩነታት ማይክል *"ብኽፉእ ዝተዋህበ ወይ ክኣ ዝተወሰደ ከም GHB ዝኣመሰለ ነገር ... ኣንጻር ድሌቱ ዝተዋህበ ተቐይሩ'ዩ"*[15], ዝብል *ተኽእሎ* ናይ ግድን ከሀሉ ኣለዎ ዝብል መጎተ ይቕበሎ'የ። ግን ነዚ መጎተ ዝድግፍ መርትዖ የለን፣ ብዛዕብኡ ግምታዊ መደምደምታ ምሃብ ዝፍቀድ ኣይኮነን። እቲ መርቶያኣ "ብዛዕብኡ ንዕኡ ዘረጋግጽ ኣወንታዊ መደምደምታ ክብጻሕ ዘይእኹል መርትዖ'ዩ ዘሎ"[16] ንዝብል ይቕበሎ'የ። ግን "እዚ ተኽእሎ ክንጽግ ዘይምኽኣሉ ነቲ "ዘይተረጋገጸ" ዝብል መደምደምታ ኣብ ልዕሊ'ቶም "ምስ ምጥሓል ዝመሳሰል"ን "ምጥሓል"ን ዝብሉ ዝያዳ ይድግፍ"[17] ክትብል ትምጉት። ኣነ ኣይሰማማዕን።

*መደምደምታ ሕክምናዊ ጠንቂ ሞት*

39. ምስ'ቲ ኩሉ ዝተረጋገጸ ኩነታት ርኢኻን ካልኦት ጠንቂ ክኾኑ ዝኽእሉ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ኣማራጺታት ነጺግካን፣ እቲ መርትዖታት ኣብ ክንዲ "ዘይተረጋገጸ" ዝብል ነቲ "ምስ ምጥሓል ዝመሳሰል"ን "ምጥሓል"ን ዝብል መደምታታት ከምዝድግፍ ኣነ ዕጉብ'የ።

40. ክሳብ ሕጂ ከምዝተራእየ ናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ኣብ መንጎ ዶ. ኮሊንስን ዶ. ውድፎርድን ኔሩ'ዩ። ኣነ መርትዖ ናይ ዶ. ውድፎርድ ይመርጽ። ኣብ መወዳእታ፡ ዶ. ውድፎርድ *"ጠንቂ ሞት ብዝበለጸ ከም ምጥሓል ኢልካ ክውሰድ ይከኣል"*[18] ኣብ ዝብል ርእይትኡ ጽኑዕ ኔሩ።.

---

[15] ኣይቢድ.

[16] ኣይቢድ ሕጥበ ጽሑፍ 23.

[17] ኣይቢድ.

[18] ቅዳሕ ገጽ 273.

41. ኣብ መወዳእታ ኣብ'ዚ ጉዳይ ጌታቸው ዘቕረቦ መጎተ ክስምረሉ ይደሊ። ንሱ ኩሉ ግዜ ወዱ ብሰብ'ዩ ተቐቲሉ ዝብል ንጸ.ር ርእይቶ ኔርዎን ኣብ መወዳእታ ጽሑፋዊ መጎትኡ ነዚ ነጥቢ ደጊሙ ኣቕሪብዎ። ዘለዎ ጓሂ ማንም ክርደኦ ይኽእልዩ፣ ኣንተኾነ ግን ሕክምናውን ስነፍልጠታዊ ጭብጥታት ንርእይትኡ ከምዘይድግፎ ንጹር'ዩ።

ናብ ሞት ማይክል ዘምርሑ ዝነበሩ ኩነታት

42. ቀዳም 25 ሰነ 2011 ከባቢ ሰዓት 3.00 ቅ. ቀ. ላዕለዋይ ኮንስታብል ብራድሊ ጆንሰን ኣብ መልበርን ማእከላይ ንግዳዊ ዞባ ብእግሩ እናኸደ ናይ ሓለዋ ስርሑ እናካየደ እንከሎ ሓደ ወዲ መሓዝኡ ብሓደ ካልእ ቀይሕ ከዳን ዝተከደነ ኣፍሪቃዊ ወዲ ተባዕታይ ብርእሲ ከምዝተሃርመ ክሕብር ናብኡ ቀረበ። ላዕለዋይ ኮንስታብል ጆንሰን እቲ ወዲ ተባዕታይ ቁስልን ገለ ሕበጥ ኣብ ጉንግን ኣፍንጭኡ ተዓዘበ።

43. ላዕለዋይ ኮንስታብል ጆንሰን ነቲ ዝተሓበሮ መለክዒታት ዘማልእ ሰብ ቀሪብዎ: ሚኪኤል ኣታክልት ምኳኑ ኣለልይዎ። ላዕለዋይ ኮንስታብል ጆንሰን ማይክል ዘረብኡ ቁሩብ ስለዝተሓላለኸ/ቀስ ስለዝበለ መስተ ኣብዚሑ ኔሩ ዝብል እምነት የሕዲሩ። ላዕለዋይ ኮንስታብል ጆንሰን ኣብ የማናይ ወገን ናይ ግንባሩ ማይክል ይደሚ ከምዝነበረን[19] ኣብ ጸጋማይ ወገን ናይ ግንባሩ ከኣ ጥባሕ ተዓዚቡ። ማይክል ኣብ ህዝባዊ ቦታ ስለዝሰኸረ ኣብ ቀይዲ ኣትዩ: ኣብ መኪና ተጻዒኑ ከኣ ናብ መቐየዲ ማእከል መልበርን ተወሲዱ ሰዓት 3.40 ቅ. ቀ. ኣብ መዝገብ ሰፊሩ።

44. ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ሰዓት 8.10 ቅ. ቀ. ማይክል ብሰርገንት ፖል ሆውደን ገምጋም ተገይሩ ኣብ ህዝባዊ ቦታ ብምስካሩ ናይ መቕጻዕቲ ወረቐት ተዋሂብዎ ካብ ቀይዲ ተለቒቑ።[20]

45. ማይክል ካብ ቀይዲ ድሕሪ ምልቃቑ ኩነታት ምንቅስቓሳቱ ኣብዚ መዓልቲን ድሕሪኡን ብሓፈሻኡ ዝተፈልጠ የለን: ክሳብ'ታ ኣብ መደበር ባቡር ዌስት ፉትስክረይ ሰንበት 26 ሰነ 2011 ብመሓዝኡ ዝረአ።

46. ካብ መደበር ባቡር ዌስት ፉትስክረይ ዝተረኸበ ቪድዮ Close Circuit Television (CCTV) መስመር ጉዕዞ ወይ ምንቅስቓስ ማይክል ካብ ካልኣት መደበራት ጀሚሩ ብኸምዚ ዝስዕብ የቕርቦ:

(i) ሰዓት 4:07 ድ. ቀ. ማይክል ኣብ መደበር ባቡር ሳንሻይን ምስ ጓለንስተይቲ ዓርኩ ዝነበረት ኤልሳ ግደይ ኣብ'ቲ ጥቓ መደበር ኣውቶቡሳት ንኣስታት 10 ደቂቕ እናዕለላ ተርእዩ;

(ii) ሰዓት 4.19 ድ. ቀ. ማይክል ናብ መጽበዪ መደብ/ፕላትፎርም መደበር ባቡር ሳንሻይን ገጹ ንምኻድ ቡቲ ጸፊሕ መደያይቦ ይጉዓዝ ኔሩ;

(iii) ሰዓት 6.21 ድ. ቀ. ማይክል ምስ ሓደ መሓዝኡን ካልእ ሓደ ክልለ ዘይተኻእለ ኣፍሪቃዊ ወዲ፣ ኣብ መደበር ባቡር ፉትስክረይ ኣብ'ቲ ብላዕሊ ዝሓልፍ መሰጋገሪ ድንድል ተራእዩ;

(iv) ሰዓት 6.31 ድ. ቀ. ማይክል ንመደበር ባቡር ዌስት ፉትስክረይ ገጹ ምስ መሓዝኡ ኣብ ባቡር ተሳፊሩ;

(v) ሰዓት 6.34 ድ. ቀ. ማይክል ምስ መሓዝኡ ኣብ መደበር ባቡር ዌስት ፉትስክረይ ማዕጾ ባቡር ብሓይሊ ብምኽፋት ወሪዶም።

[19] ሓጺር ጽሟቕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን, ኣብ ገጽ 260.

[20] ሓጺር ጽሟቕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን, ገጽ 274.

(vi) ሰዓት 6. 84 ድ. ቀ. ማይክል ካብቲ ንሲደንሃም ገጻ እትኸይድ ባቡር ደው ትብለሉ መጸበዩ መደብ ገዲፉ ናብቲ ንሲቲ ገጻ ትኸይድ ባቡር ትጽዕነሉ መደብ ጎዩ ብምቁራጽ በይኑ ኣብ'ታ ናብ ሲቲ ገጻ ትኸይድ ባቡር ተሳፊሩ።

(vii) ሰዓት 7:01 ድ. ቀ. ማይክል ኣብ መደበር ባቡር ኖርዝ መልበርን ካብ'ታ ባቡር በይኑ ወሪዱ።

(viii) ሰዓት 7:02 ድ. ቀ. ማይክል ናብ መስመር ክሪይጊበርን ገጻ ትኸይድ ባቡር ተሳፊሩ;

(ix) ሰዓት 7:07 ድ. ቀ. ማይክል እታ ባቡር ኣብ መደበር ኒውማርኬት ምስ በጽሐት ወሪዱ: ኣብ'ቲ መጸበዩ መደብ ብእግሩ ድሕሪ ምጉዓዝ ካብቲ መደበር ባቡር ንምዕራብ ገጹ ተንቀሳቒሱ፡

<u>ጸብጻብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ</u>

47. ዕለት 4 ሓምለ 2011 ኣስካሉ ኣብ መደበር ፖሊስ ፉትስክረይ መጺኣ ምስ ኮንስታብል ኣንድርው ፕሪስሊ ተዘራሪባ። ንሳ ወዳ ምጥፍኡ መዝገብ ክትከፍት ከምእትደሊ ትሕብር። ኣብዚ መዓልቲ ኮንስታብል ኣድንርው ፕሪስሊ ንኣስካሉ የእንጊድዋን ማይክል ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣብ ፉትስክረይ እንተሃልዩ እያ ሓቲታ ክብል ይገልጽን። ንሱ ኣብ ቀይዲ የለን ኢሉ ሓቢርዋን ብዛዕባ እቲ ዝርርቦም ከኣ ኣብ መዝገብ ሓበሬታ ኣሰፊሩን።[21]

48. ሰሉስ 5 ሓምለ 2011 ኣስካሉ ናብ መደበር ፖሊስ ፉትስክረይ ማይክል ብፖሊስ ተርእዩ እንተኮይኑ ክትጥይቕ እንደገና ተመሊሳ። ኣስካሉ ኣብ መዛግብቲ'ቲ ኮምፒዩተር ዋላ ሓንቲ ከምዘየለ ተሓቢራ። ከባቢ ሰዓት 11.45 ድ. ቀ. ኣብ'ዚ መዓልቲ ኣስካሉ 000 ደዊላ ምስ መደበር ፖሊስ ፉትስክረይ ክትራኸብ ሓቲታ: መዝገብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ከምዘይተዳለወ ተሓቢራ።[22]

49. ዕለት 6 ሓምለ 2011 ከባቢ ሰዓት 12.30 ድ.ቀ. ኣስካሉ ኣብ መደበር ፖሊስ ፉትስክረይ እንደገና ተመሊሳ ፖሊስ መዝገብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ቅጥዒ ብምምላእ ኣዳልዮም። ኮንስታብል ሚልስ ኣብ ፊለማ ንኣስካሉ ኣብ ምምላእ እቲ ቅጥዒ ሓጊዛታ ድሕራ ግን ካብ ኣደማምጻ ቃላታ ክትርድኣ ገለ ሽግር ስለዝነበራ ኮንስታብል ናታሊ ረመድዮስ ሓጊዛታ። ኮንስታብል ረመድዮስ: ኮንስታብል ሚልስ መዝገብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ እናመልአት 'ከላ ንሳ ብስም ማይክል ኣብቲ መዛግብቲ ፖሊስ ኣብ ኮምፒዩተር ምጽራይ LEAP checks ተካይድ ከምዝነበረት ትገልጽ።[23]

50. ሓምለ 7 2011 ኣስካሉ ናብ መደበር ፖሊስ ፉትስክረይ ብዛዕባ ሃለዋቱ ጠፊኡ ዘሎ ወዳ ኣበይ ከምዘሎ ዝኾነ ሐበሬታ ክትሓትት ብኣካል መጺኣ። ኮንስታብል ረመድዮስ ኣብ ኩሎም ሆስፒታላት ፉትስክረይ: ሳንሻይን: ዊልያምስታውን: ሰይንት ቪንሰንትን ሮያል መልበርንን ደዊላ ኣብኡ እንተኔሩ ወይ ተሓካሚ እንተኔሩ ከምዝሓተተት ትገልጽ። ኮንስታብል ረመድዮስ ነዞም ሓበሬታታት ኣብቲ LEAP ሲስተም ከምዘእተወቶም ትገልጽ።[24]

51. ከባቢ ሰዓት 2.25 ድ. ቀ. ሓሙስ 7 ሓምለ 2011 ኣብ ሩባ ጸምበለል ዝብል ሬሳ ከምዝተራእየ ፖሊስ ብተለፎን ሓበሬታ ተዋህቦም። ፖሊስ ናብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ብኣካል ተረኺቦም፣ ነቲ ሬሳ ረኪቦሞ ካብ'ቲ ሩባ ኣውጺኦሞ።

---

[21] ሓጺር ጽሟቕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን, ገጻት 276-277.

[22] ሓጺር ጽሟቕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን, ገጽ 5.

[23] ሓጺር ጽሟቕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን, ገጽ 278-279.

[24] ሓጺር ጽሟቕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን, ገጽ 279.

52. ጉጅለ መርመርቲ ቅትለት ሰብ ኣብ'ቲ ቦታ ተረኺቦም ምኽንያቱ እቲ ሬሳ ኣብ ግንባሩ ማህረምቲ፣ ብግምት 1 ሴ. ሜ. ዓቐን ዝኸውን ጥባሕ ዘለዎ ይመስል ስለዝነበረ።

53. እቲ ሬሳ ቀይሕን ሓሙኽሽታውን ዝሕብሩ ናይ ላዕሊ ልብሲ ለቢሱ'ዩ ተረኺቡ፣ ሰማያዊ ዝሕብሩ ጂንስ ስረ ምስ ጸዕዳ መቕነትን ስልማት ዘለዎ ፍሉይ ኣራንሾኒን ጸሊምን መቐለፊ መቕነት፣ ቀይሕ ጫማን ሱቐሪን ኣብ ጸጋማይ እዝኑን ኔርዎ።

54. ፖሊስ ካብ ሬሳ ፈቲሾምን ናይ ካልኣይ ብርኪ ኮሌጅ ማሪቢርኖንግ ናይ ተማሃራይ መንነት ካርድ ብስም ሚኪኤል ኣታከልትን ናይ ቪክቶርያ ዩኒቨርሲቲ ናይ ተማሃራይ መንነት ካርድ ብስም ኣድሀል ኣሊኡ ኣከቻከ ኣብ ዳሕረዋይ የማናይ ጁባ ናይ ስረኡ ረኺቦም።

55. ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ኣብ ከባቢ ሰዓት 5.00 ወይ 6.00 ድ. ቀ. ሓደ ኣስተርጓሚ ንእስካሉ ደዊሉላን ፖሊስ ኣብ መደበር ፖሊስ ፉትስክረይ ብኣካል ከትርከብ ከምዝደለይዋን ነጊሩ።

56. ኣብ ከባቢ ሰዓት 6.30 ድ. ቀ. ኣስካሉ ኣብ መደበር ፖሊስ ፉትስክረይ ድሕሪ ምርካባ ናብ'ቲ ብርክት ዝበሉ ጉጅለ መርመርቲ ቅትለት ሰብ ኣባላት ፖሊስ ዝርከብዎ ክፍሊ ተመሪሓ ወዲ ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ መይቱ ከምዝተረኽበ ተሓቢሩ።[25]

<u>ሞት ዘጋጠመሉ ኩነታት</u>

57. ኣንቀጽ 67 (1)(c) ናይ ኣዋጅ መርመርቲ ሞት 2008፣ ኣነ፣ ብዝተኻእለ መጠን፣ ሞት ማይከል ከጋጥመሉ ዝኸኣለ ኩነታት መደምደምታ ውሳነ ክህብ ይጠልብ።

58. ዋላ'ኳ ኣነ ኩሉ ቅቡል ዝኾነ መንገዲታት መርመራ እንተተኸተልኩ ናይ ግድን ኣይኮነን ኣነ ንነብሲ ወከፍ ዝርዝር ኩነታት ሞት ማይከል ዘጋጠመሉ መደምደምታ ውሳነ ክረክብ ክኽእል።

59. ሰፊሕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን ተጌሩ ከብቅዕ ካብ መደበር ባቡር ኒውማርኬት ዝተረኽበት CCTV ጥራይ'ያ ናይ መወዳእታ እትፍለጥ ማይከል ብሂወት ዝተራእየላ።

60. ድሕሪ 11 መዓልታት፣ ሓሙስ 7 ሓምለ 2011፣ ሬሳ ማይከል ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ጥቓ ድንድል ረይሊ ሮድ ጸንበለል ኢሉ ተረኺቡ። ኣብዘን 11 መዓልታት እንታይ ኣጋጢሙ ዝብል ቀዳማይ ኣትኩሮ ናይቲ መርመራ ምእካብ መርትዖ ኔሩ።

61. እቲ ዘሕዝን ግን ድሕሪ'ቲ ሰፊሕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን ብንጹር መዓስን፣ ብንጹር ኣበይን ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ኣትዩ ዝብል ጭቡጥ መርትዖ የለን። እንተኾነ ግን እቲ መርትዖ ገለ መደምደምታታት ንነብሲ ወከፍ ሕቶ ከግበር የኽእል'ዩ።

*መዓስ ማይከል ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ኣትዩ*

62. ኣነ ብወኪል ላዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ ሚስተር ሎውሪን ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ ሚስተር በርንሳይድ QCን ምስ ዝቐረቡ መጎተታት ይሰማማዕ፣ እቲ ብዝለዓለ ተኽእሎ ዘጋጠመ፣ ማይከል ናብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ከይዱ፣ ካብ'ታ ናይ መወዳእታ ኣብ መደበር ባቡር ኒው ማርኬት ሰዓት 7.07 ድ. ቀ. ሰንበት 26 ነሓሰ 2011 ዝተራእየላ ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰዓታት ሞይቱ።[26]

---

[25] ሓጺር ጽማቕ መርመራን ምእካብ መርትዖታትን, ገጽ 291.

[26] መጎተታት ኣብ ክንዲ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ, ሕጥበ ጽሑፍ 5.

63. ኩሉ እቲ መርትዖታት ብጥቕልሉ፣ ምስ'ቲ ማይክል ድሕሪ ሰዓት 7.07 ድ. ቀ. ዕለት 26 ሰነ 2011 ብወለሓደ ሰብ ዘይተራእየሉን ካልእ ዝኾነ ክም ምኽፋት ናይ ባንክ ሕሳቡ ዝኣመሰሉ ምልክታት ልሙድ መዓልታዊ ንጥፈታት ዘይምግዳፉን ዝሰማማዕ'ዩ።[27]

64. እቲ ሕክምናዊ ጉድለ/ክኢላታት ካብ መርመራታት ስነመርዚ ወይ ስነሕማም ማይክል ቅድሚ ኣብ ማይ ምእታው መይቱ ኔሩ ንዝብል፣ ጭብጢ ኣይነበረን ኣብ ዝብል ይሰማማዕ።

65. ኣነ ምስ ሚስተር በርንሳይድ QC ዘቕረቦ መጎተ እዞም ዝስዕቡ መርትዖታት ክኣ ነቲ መደምደታ ክምዝድግፉ ይሰማማዕ፡

*"(a) እቶም ክኢላታት ኩነታት ሬሳ ማይክል ክሳብ ዕለት 7 ሓምለ 2011 ንሓያሎ መዓልታት ኣብ ማይ ጥሒሉ ከምዝነበረ የመልከት ኣብ ዝብል ይሰማምዑ።*

*(b) ጭብጥታት መሓዙት ማይክልን ኣብ ግዜ ሞቱ መናብርቱ ዝነበሩን፣ ማይክል ንጡፍ ማሕበራዊ ሂወት ኔርዎን ንመሓዝቱ መብዛሕትኡ ግዜ ብቐጻሪ ወይ ክኣ ክም ኣብ ፋትስከረይ ዝርከብ ሮምሃይ ካፈ ዝኣመሰለ ቀጻሊ ዝራኸብሉ ቦታታት ይራኸቦም ኔሩ። ናይ መሓዝቱ መርትዖ ዝነበረ ማይክል ሳሕቲ'ዩ ኣብ ገዛ ዝርከብ ኔሩ።*

*(c) ድሕሪ'ታ ንመጨረሻ ግዜ ዝተራኣየላ ማይክል ናይ ባንክ ሕሳቡ ወይ ክኣ ፈይስቡክ ድረገጹ ከምዝኸፈቶ ጭብጢ ኣይነበረን። እዚ መጋባእያ ተቐቢልዎ ዝነበረ ጭብጢ ምኽፋት ሓዱኡ ወይ ክልቲኡ ሕሳባት ኣብ ነብሲ ወከፍ ውሑዳት መዓልታት ክሳብ'ታ ዝሞተላ ለዋን ዝነበራ ኣዋርሕ ልሙድ ባህርያቱ'ዩ ኔሩ።*

*(d) ማይክል ካብ መደበር ባቡር ኒውማርከት ክወጽእ ክሎ ተኸዲንዎም ዝነበረ ኣልባሳትን ሬሰኡ ክርከብ እንከሎ ዝነበሩን ሓደ ዓይነት ይመስሉ (ብዘይካ እታ ጸላም በኛ ኢ.ድ/ጓንቲ)*

*(e) ኣብ ገዛውቲ መሓዙቱ ወይ ክኣ ቤተሰቡ ምድቃስ ልማዱ ኔሩ። ማይክል ድሕሪ 26 ሰነ 2011 ብዝኾነ ካብ'ቶም ምስኦም ዝጸንሐ ዝነበረ ሰባት ኣይተራእየን።*

*(f) ማይክል ኣብ መወዳእታ ዝተራኣየላ ሰንበት ምሸት ሓጋይ ካብ'ታ ኣብ ማይ ኣትይላ ክትክውን ትኽእል ቦታ 15 ደቒቕ ኣብ መንገዲ ትራም 57 እትርከብ ቦታ'ዩ።*

*(g) ሰፊሕን ዝተሓደሰን መርመራ ድሕሪ ምክያድን ኩሉ ቅቡል ዝኾነ መንገዲታት መርመራ ድሕሪ ምኽታልን፡ እዚ መጋባእያ ንማይክል ካብ መደበር ባቡር ኒው ማርኬት ምስ ወጸ ብሂወት ዝረኣዮ ሰብ ክረክብ ኣይከኣለን።"[28]*

66. ኩሉ እቲ መርትዖ ደሚርካ፡ ኣነ ማይክል ናብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ክይዱ፡ ካብ'ታ ናይ መወዳእታ ዝተራእየላ መደበር ባቡር ኒው ማርኬት ሰዓት 7.07 ድ. ቀ. ሰንበት 26 ነሓሰ 2011፣ ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰዓታት ሞይቱ ኢለ ይድምድም።[29]

*ማይክል ናብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ኣበይ ኣትዩ*

67. ብሰርገንቲ ዲክሰን፡ ዶ. ፕሮቪስን ባሪ ጊብሰንን ዝተዋሀበ መርትዖ ኣብ ምርዳእ ምንቅስቓስ ማይ ሩባ ማሪቢርኖንግን ምስኡ ዝተኣሳሰር ማዕበላትን ንምርዳእ ዕዙዝ ሓገዝ ኔርዎ።

68. ሰርገንቲ ዲክሰንን ዶ. ፕሮቪስን ማይክል ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ዝኣተወ ጥቓ ድንድል ረይሊ ሮድ Raleigh Road ዝብል ዝለዓለ ተኽእሎ ከምዘሎ ይሰማምዑ። ብተወሳኺ ዶ. ፕሮቪስ ካብታ ዝተረኽበላ ነጥቢ ንላዕሊ (ኣንጻርቲ ሩባ ዝውሕዘሉ) ክኣቱ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣለዎ ክብል ይገልጽ።

69. ብልክዕ ማይክል ናብቲ ሩባ ኣበይ ኣትዩ ንዝብል ኣነ ዝዓግበሉ፣ ንሱ ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ዝኣተወ ኣብ ውሽጢ 200 ሜ. ናብ ክልቲኡ ወገን ድንድል ረይሊ ሮድ'ዩ፡ ምስ ሚስተር በርንሳይድ QC ኣብ'ቲ ዘቕረቦ መጎተ ዝሰማማዕ ከም'ዚ ዝስዕብ ዝብል'ዩ፡-

*"ካብ'ቲ እቲ ሬሳ ዝተረኽበሉ ቦታ ክብጻሕ ዝኽእል መደምደምታ ንምርካብ ብዙሓት ርእይቶኦም ክህቡ ዝኽእሉ ክኢላታት መርትዖኦም ሂቦም'ዮም። እቶም ሰባት ክኣ ጂዮርጅ ዲክሰን ካብ ፖሊስ ማይ፡ ዶ. ዴቪድ ፕሮቪስ ነጸ*

[27] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፍ 13

[28] መዕጸዊ መጎተታት ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ, ሕጥበ ጽሑፍ 18.

[29] መጎተታት ኣብ ክንዲ ሳዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ, ሕጥበ ጽሑፍ 5.

> *ናይ ባሕርን ምንቅስቓስ ማይን መጽናዕቲ ዝገበርን ባሪ ጊብሰን ፖሊስ ደሊኻ ኣድህን ። ኣብ'ቶም ቁልፊ ዝኾኑ መዳያት እቲ መርትዖኦም ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ'ኳ እንተተዋህበ ናብ ሓደ ውጽኢት ኣምሪሑ።*
> *እቲ መርትዖኦም ኣብ ኣገዳሲ ከፋላት ናይ ሩባ ማሪቢ.ርኖንግ ኣብ ማይ ዝሀልው ነገራት ሓጺርዮም ይንቀሳቐሱ ዝብል'ዩ። ነዚ ምኽንያት ዝኸውን ከኣ ኣብታ ቦታ/ነጥቢ ናይ ሩባ ማሪቢ.ርኖንግ፡ ንታሕቲ ዝሀሉ ልሙድ ዋሕዚ ሩባ በቲ ካብ ባሕሪ ዝመጽእ ኣንጻር ዋሕዚ'ቲ ሩባ ዝጓዓዝ ማዕበል ብዓቢኡ ይመከን። እዚ ማለት ከኣ ዝኾነ ኣብታ ነጥቢ እናንሳፈፈ ዝርከብ ዝኾነ ነገር ኣብ'ቲ ቅርበት ኣትዩ ከኸውን ዓቢ ተኽእሎ'ሎ። ከም ርኢይትኦም ንታሕቲ ዝነበረ ዋሕዚ ናይቲ ሩባ ቁርብ ሕይል ይብል ኔሩ፡ ስለ'ዚ ዝኾነ ዘንሳፍፍ ኣቓሓ ካብቲ ዝተረኽበሉ ነጥቢ ልዕል ኢሉ ኣትዩ ከኸውን ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ። እቲ ነገር ዝተሓላለኸ ዝገብሮ ግዳማዊ ጸፍሒ ናይቲ ማይ ንታሕቲ ከውሕዝ ይፍትን፡ ካብ'ቲ ግዳማዊ ጸፍሒ ትሕት ኢሉ ዘሎ ማይ ግን ንላዕሊ ከውሕዝ ይፍትን።*
> *ዶ. ፕሮቪስ፣ ዝለዓለ ተኽእሎ ሬሳ ናይ ማይክል ኣብ ማይ ኣትይሉ ከኸውን ዝኽእል ቦታ ካብ ድንድል ረይሊ ሮድ 200 ሜ. ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ እዩ ዝብል መርትዖ ሂቡ። ንሱ ካብ'ታ ዝተረኽበላ ነጥቢ ብዝለዓለ ተኽእሎ ንላዕሊ ወገን ኣትዩ። መርትዖ ሚስተር ዲከሰን ምስ ናይ ዶ. ፕሮቪስ መርትዖ ተመሳሳልነት ኔርዎ። ንሱ ብተወሳኺ እንተገደደ ካብ'ታ ዝተረኽበላ 1.5 ኪ.ሜ. ንላዕሊ ኣትዩ ይኸውን፣ ግን ምናልባት ካብዚ ዝቐረበ ኔሩ።*[30]

70. ኣብ መንተኣ ኣስካሉ'ውን ማይክል ኣብ ማይ ብልክዕ ዝኣተወሉ ቦታ ከተመልክት ከምዘይከኣል ተሰማሚዓ፡ *"ካብ ድንድል ረይሊ ሮድ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት ኣማኢት ሜትሮታት ከኸውን ኣዝዩ ዝለዓለ ተኽእሎ ኔርዎ ምባል'ዩ።"*[31]

71. ኩሉ እቲ መርትዖ ደሚርካ፡ ብፍላይ ከኣ መርትዖታት ሰርጀንተ ዲከሰን፡ ዶ. ፕሮቪሰን ባሪ ጊብሰንን፡ ኣነ ማይክል ወይ ከኣ ሬሳ ማይክል ኣብ ማይ ዝኣተወሉ ካብ ድንድል ረይሊ ሮድ ኣብ ውሽጢ 200 ሜ. ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ ሩባ'ዩ ኢለ ይድምድም፡፣

*ንምኢታው ማይክል ኣብ ሩባ ማሪቢ.ርኖንግ ክኾኑ ዝኽእሉ ምኽንያታት*

72. ኣነ ንቤተሰብ ማይክልን ነቲ ማሕበረሰብን ማይክል ብኸመይን ንምንታይን ኣብቲ ማይ ኣትዩ ምፍላጥ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ይርደኣኒዩ።

73. ናተይ መርመራ ዘተኮረሉ መሰመራት፡ ሞት ማይክል ሳዕቤን ነብሰቅትለት ድዩ ዋላ ድንገት ወይስ ኢድ ሰብ ዝብል ሕቶታት'ዩ።

74. ሚስተር በርንሳይድ QC ኣብ'ቲ ናቱ መንተ ዝርከቡ ኣገደስቲ ዛዕባታት ኣብ ትሕቲ "ርከብ"ን "መነባብሮን" ዝብሉ ኣርእስትታት ብኸም'ዚ ዓይነት ኣጠቓሊልዎ ይርከብ፡

> *"ማይክል ብዙሓት መሓዙት ከምዝነበርዎ ንጹር'ዩ። ኣብዚ ነዊሕ ናይ መርመራን መርትዖ ምእካብን መስርሕ ብዙሓት ካብ ቤተሰብን መሓዙትን ብኣካል ምር'ኻቦም ንሱን ወለዱን ብፍላይ ኣብ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያውያን ዓቢ ክብሪ ከምዘለዎም ዘመልክት'ዩ።"*[32]

ኣነ ምስ'ዚ ግምገማ ይሰማማዕ።

> *"ማይክል ምስ ወለዱ ዝተወሰነ ርክብ'ዩ ኔርዎ። በቲ ብቐጻሊ ብኣካል ዝተረኽብዎን ብንጡፍ ዝተሳተፍዎን ኣስካሉን ጌታቸውን ምስ ወዶም ጽኑዕ ርክብ ተሰሚዕዎምን እንታይ ኣጋጢምዎ ንምፍላጥ ብፍላይ ይሻቐሉ። ዋላ'ኳ ነዲኡ ብዙሕ ይረኽባ እንተዘይነበረ፣ ኣስካሉ ንድሕነት ማይክል ብጣዕሚ ተሻቒላ ኔራ።*
> *ኣስካሉ'ያ ብዛዕባ ማይክል ንመጀመርያ ግዜ ሻቕሎታ ዕለት 2 ሓምለ 2011 ዝገለጸት ንገለ ካብ መሓዙቱ ድሃዩ ወይ ኣበይ ከምዘሎ ምስሓተተቶም። በቲ ጭብጥታት መሰረት ሽዑ መይቱ ኔሩ ከኸውን ይኽእል ኔሩ።*
> *ማይክል ብዙሓት ጥዑያት መሓዙት ኔሮምን ብለውሃቱን ኣሙን ምሕዝነቱን ይፍለጥ ኔሩ። ሕያዋይን ሓልዮት ነቶም ምስኡ ዝቐረቡ ብምርኣይ'ውን ይፍለጥ ኔሩ። ኣተን ዝነበረኦ ውሱናት ገንዘብ፡ መግቡን ለዛ ዋዛታቱን ምስ ብዙሓት ሰባት ይማቐሉን ኔሩ። ንማይክል ውሑዳት ኣዋርሕ ቅድሚ ምማቱ ኣብ 8 ጎርደን ስትሪት ማሪቢ.ርኖንግ ምስ ዘካርዮ ዝነበረ ሰብ መንተ ኣብ ዝነበሮ እዋን ረኺባቶ ዝነበረት ኮንስታብል ረመድዮስ ምእዙዝ፡ ትሑትን ተሓባባርን ኢላ ትገልጾ። ሓደ ካብ መሓዙቱ ስራፌል "ተነቃፊ" ኢሉ ይገልጾ።*

[30] መዕጸዊ መንተታት ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ – paragraphs 21-23.
[31] መንተታት ኣብ ክንዲ ወ/ሮ ኣስካሉ ተላ, ሕጥበ ጽሑፍ 60.

[32] መዕጸዊ መንተ ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ, ሕጥበ ጽሑፍ 31.

*ሓያለ ካብ መሓዙት ናይ ምቁጣዕ ጠባይ ኔርዎ ከብሉ መርትዖ ሂቦም: እዚ ከአ ብፍላይ መስተ ይሰቲ እንድሕሪ ጸኒሑ ናብ ባእሲ ቀልጢፉ ክቐየር ይኽእል'ዩ። እዚ ከአ ኣብ መንእሰያት ዘይንቡር ኣይኮነን። ነዊሕ ከይጸንሐ ቅድሚ ምማቱ ማይከል ምስ ፖሊስ ብውሑድ ኣብ ክልተ ኣጋጣሚታት ተራኺቡ ኔሩ: ምስ ፒተር ካየ ኣብ ዝተኣሳሰር ጉዳይ ዕለት 25 ሰነ 2011ን ቅድሚኡ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ኣብ ቁጽሪ 57 ትራም ትጉዓዘሉ መንገዲ ዝርከብ ሚራምስ ስትሪት: ኣስኮት ቬል ብሓባር ዝነብርሉ መንበሪ መውጋእቲ ምስ ኣጋጠሞ ኔሩ።*

*ኣብተን ናይ መወዳእታ ውሑዳት መዓልታት ማይከል ዘካየደን ሰለስተ ርከባት ኔርም ኣብቲ መርትዖታት ዝያዳ ቆላሕታ ዝረኸቡ።*

*እቲ ቀዳማይ ምስ ኣዲኡ ኣስካሉ ዘካየዶ ዕላል ኔሩ። ማይከል ናብአ ምብጻሕ ብምግባር ዕለት 25 ሰነ 2011 ለይቲ ኣብቲ ገዛ ሓዲሩ። ኣብቲ ምብጻሕ ዘካየደሉ እዋን ኣስካሉ ንማይከል ኣባሓጉኡ ከባቢ ሓምለ 2010 ኣብ ኢትዮጵያ ከምዝዓረፉ ኣርዲኣቶ። ማይከል ን10 ዓመታት ዝኣክል ምስ ኣቦሓጉኡ ይነብር ኔሩን ብጣዕሚ ጥቡቕ ዝምድና/ቅርበት ኔርዎን።*

*እቲ ካልኣይ ዕላል ዘጋጠመ ኣብ ሳንሻይን ዕለት 26 ሰነ 2011 ድሕሪ ቀትሪ'ዩ። ማይከል ምስ ኤልሳ ግደይ ኣብ ጥቡቕ ዕርክነት ኔሩ። ኣብ ሳንሻይን ተራኺቦም ብዛዕባ ኩነታት ዕርክነቶም ተዛትዮም። ንሳ ምስኡ ዕርክነታ ከትቅጽል ከምዘይትደለ. ንጹር ገይራትሉ። ድሒሩ ኣብ'ቲ መዓልቲ ካብ ህዝባዊ ተሌፎን ከድውለላ ፈቲኑ ግን ኣይተዓወተን። ኣብቲ እዋን ዕላሎም ዝተቐርጸ CCTV ቪድዮ ሓዚኑ/ጉህዩ ከምዝነበረ ብጣዕሚ የመልክት።*

*ብተወሳኺ ኣብ'ታ ድሕሪ ቀትሪ ምስ ገለ ካብ'ቶም ኣዕሩኽቱ ኣብ ሮምሃይ ካፊ ኣብ ፉትስክረይ ተራኺቡ። ሳም ዲቓክ ናይ ማይከል ኣይፖድ ንግሆ ሸይጥዎ ስለዝነበረ ካብቲ መሸጣ $50 ሂብዎ። ምስ መናብርቱ: መሓዝኡ: ሳምን ካልእ መሓዛ ሳምን ኮይኑ ማይከል ኣብ ፉትስክረይ ከባብ ከገዝኡ ከይዶም። ማይከል ንኽብስወክፎም ከባብ ገዚኡሎም ንሱ ግን ኣይበልዔን። ሳም፡ ንምንታይ ኣይበልዕን ኔሩ ሓቲትዎ። ቆይቂ ሰዒቡ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ቆየቃ መሓዝኡ ካብ ሮምሃይ ካፈ ከውጽአ ዝሓሸ'ዩ ኢሉ ሓሲቡ።*

*እቲ መሓዛን ማይከልን ድሕሪኡ ናብ መደበር ባቡር ፉትስክረይ ከይዶም: ናብ ዌስት ፉትስክረይ ትኸይድ ባቡር'ውን ተሳፊሮም። ኣብ መደበር ባቡር ዌስት ፉትስክረይ እቲ ሳልሳይ ዕላል ተኻይዱ። እዚኣ ከአ እታ ዝኾነ ዓይነት መርትዖ ዝተረኽባ ናይ መወዳእታ ዕላል ኔራ።*

*መሓዝኡ ንማይከል፣ ንምንታይ ሓዚኑ ኔሩ ሓቲትዎ። ማይከል ኣብ ምምላስ ሰጊኡ ኔሩ። ማይከል ድሕሪኡ ንመሓዝኡ ሞት ናይ ኣባሓጉኡን ምስ ዓለንስተይቲ ዓርኩ ዝተፈጥረ ሽግርን ነጊርዎ።*

*መርትዖ መሓዝኡ ዝነበረ ማይከል ብዛዕባዚታት ከንግሮ እንከሎ በኽዩ። መሓዝኡ ማይከል በ'ኽዩ ከትርእዮ ብጣዕሚ ዘይልሙድ'ዩ ይብል። ማይከል ድሕሪኡ ካብ መሓዝኡ ብጉያ ድሕሪ ምእላይ ናብ ሲቲ ገጹ ትጉዓዝ ዝነበረት ባቡር ተሳፊሩ። ናይ መወዳእታ ነገር ንመሓዝኡ ዝተዛረቦ "ነዊሕ ናይ እግሪ ጉዕዞ ከገብር ክኸይድ'የ" ዝበል ኔሩ።[63]*

*"መሓዙት ማይከል: ማይከል ብዙሕ ግዜ ምስኦም ማሪዋና የትከኽ ከምዝነበረ የረጋግጹ። ማይከል ነቲ ማሪዋና ካብ ኣስኮት ቬል ከምዝረከቦ መሓዝኡ መርትዖ ሂቡ ግን ኣበይ ከምዝነበረ ኣይፈለጠን። ሱራፌል፣ ማይከል ማሪዋና ካብ ፉትስክረይ ከምዝገዝኤ መርትዖ ሂቡ።*

*መርትዖ ናይ ኩሎም መሰኻኽር ዝነበረ ማይከል ኩሉ ግዜ ዘይኮነ ሓደሓደ ግዜ ኣልኮል ይሰቲ ኔሩ።*

*ክልተ ካብቶም ካብ ግዜ ህጻንነቱ መሓዙቱ ዝነበሩ ማይከል ከሳብ ዝከኣሎ ጸቡቕ ጌሩ ከሕምብስ ከምዝኽእል መርትዖ ይሀቡ። ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ቀጻሊ ወይውን ኣብ ዝኾነ ግዜ ከምዝሕምብስ መረጋገጺ ኣይነበረን።*

*ገለ ካብ መሓዙቱ ምሸት ዕለት 24 ሰነ 2011 ምስኡ ብሓባር ማሪዋና ብብዝሒ ኣትኪኾም ከምዝነበሩ መርትዖ ሂቦም። ጸብጻብ ስነምረዛ፣ ሬሳ ማይከል ኣብ ግዜ ሞቱ ኣብ ሰውነቱ ብዙሕ ዓቐን ናይ ካናቢስ ከምዝነበረ የረጋግጽ። እዚ ውጽኢት ከአ ምስ'ቲ ኣብ ቀረባ ግዜ ዘትኸኸ ሰብ ወይ ከአ ምስ ቀጻሊ ዘትከኽ ወይ ምስ ክልቲኡ ተርእዮታት ዝሰማማዕ'ዩ። እቲ ዓቐን ናይ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ዝተጠቀመ ሰብ ድዩ ዝሕብር ዋላ ናይ ቀጻሊ ተጠቃሚ ክፍለጥ ኣይተኻእለን: ግን ማይከል ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተጠቕሞ/ዘትከኾ ንናይ ምምዛዛን ክእለቱ ጸልዩዎ ይኸውን: ነቲ ናብ ሩባ ምኻዱን ነብሱ ከድሕን ዘይምኽኣሉን ኩነታት ከገልጽ ይኽእል'ዩ። (ናይ ሓባር ጸብጻብ ከኢላታት ተወከስ፣ ኤግዚ. ፒ).*

*ኣብ'ቲ ዝሞተሉ ግዜ ማይከ ብልክዕ መንበሪ ገዛ ኣይነበሮን ዋላ'ኳ ኣብ ደገ ኣብ ክፉት ቦታታትን ኣብ መዕቆቢ ቦታታትን ይድቅስ ከምዝነበረ መረጋገጺ እንተዘይነበረ።[34]*

75. ኣነ ነዚ: ዝርዝርን ሓቀኛን ጽሟቕ ናይቲ መርትዖታት ኢለ ይቕበሎ።

ነብሰቅትለት

76. ነብሰቅትለት ዝብል መደምደምታ ውሳነ ንቤተሰብ መዋቲ ካብ ንበር ንላዕሊ ዘሕዝን ክኸውን ይኽእል'ዩ: ከምኡ ዓይነት መደምደምታ ክግበር ዘለዎ ንጹር፣ ጽኑዕን ርትዓትውን መርትዖ ምስዝህሉ ጥራይ'ዩ።

---

[33] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፋት 31- 42.

[34] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፋት 47 – 51.

77. ንተክእሎታት ነብሰቅትለት ብዝምልከት ሚስተር በርንሳይድ QC ነዚ ዝስዕብ ነጥብታት የልዕል፡

- *ማይክል ሓሪቑ ኔሩ፡ ኣብ መደበር ባቡር ፉትስከረይ ዝተቐርጸ ናይ CCTV ቪድዮ፣*
- *ንሱ ተበሳጭዩ/ጉህዩ ኔሩ (ኤልሳ ግደይ ገጽ. 237: ስራፌል ገጽ. 224: ኢብሳ ጉቱ ገጽ. 248: ሰዓረ ነጋሽ ገጽ. 251)። ዕላሉ ምስ ኤልሳ ግደይ ንሱ ቀቢጹ ተስፋ እናመሰለ ይውዳእ (ዝተቐርጸ CCTV ቪድዮ ኣብ ሳንሻይን መደበር ባቡር)፣*
- *ሞት ናይቲ ጥቡቕ ቅርበት/ርኩብ ዝነበሮ ኣባሓጉኡ ሾዑኡ ምፍላጡ/ምርዳኡ (ኣስካሉ ተላ ገጽ 4)፣*
- *ነብሱ ከጎድእ ኢሉ ተዛሪቡ ኣይፈልጥን'ዩ (ግርማይ መንገሻ ገጽ. 18: ኢብሳ ጉቱ ገጽ. 249: ሳም ዲቻክ T. 125)፣*
- *ንሱ ብሓፈሽኡ ኣዝዩ ዝፍቶ ሰብ ኔሩ። ብዙሓት ዝቐጸሮም መሓዙት ከምዝነበርዎ ንጹር'ዩ። ንኣብነት ሓደ መስ'ኻ'ኽር (ብ'ኻልእ መለከዒታት ምስክርነት ከህብ ፍቓደኛ ዘይነበረ) ይብል፡ ንሱ ብጣዕሚ ዝፈትዎ መሓዛይ ኔሩ፡ ኩሉ ግዜ - ብዙሓት መሓዙት ኔሮሞ ኣነ ጥራይ ኣይኮንኩን። ማይክል ጥዑይ ቆልዓ'ዩ ኔሩ፡ ማይክል ናብ ዝኾነ ቦታ ረሲሑ ኣይዛወርን'ዩ፡ ማይክል ኩሉ ግዜ ጸኑይ ኔሩ፡ ማይክል ኣብ ፉትስከረይ ምስዝርከብ ኩሉ ሰብ ጽቡቕ ርክብ ኔርዎ፡ ማይክል ኩሉ ግዜ ምስ ማንም ሰብ ይስሕቕ፡ ጸላኢ ዝበሃል የብሉን (T.962).'[35]*

78. ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር እንታይዩ ናብ ሞት ማይክል ዘምረሐ ንዝብል፣ ርእይቶኡ ብከምዚ ይገልጽ፡

> *"ካብቲ መደበር ባቡር ኣብ ከምኡ ዓይነት ሰምዒታዊ ኩነታት እንከሎ ድሕሪ ምውጽኡ፣ ካብቲ ኣብ መደበር ባቡር ዌስት ፉትስከረይ ዝተቐርጸ ምስሊ ከምዝተዓዘብናዮን ድምር ናይቶም ኣቐዲምና ዝተዛረብናሎም ኩሎም ረጃሒታት - ስራሕ ኣይነበሮን፣ መንበሪ ቦታ ኣይነበሮን፣ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ'ዩ ሞት ኣቦሓጉኡ ፈሊጡ፥ ምስ ጓል ኣንስተይቲ ዓርኩ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ'ዩ ተፈላልዩ። ኩሎም ኣዕሩኽቱ ወይ ከኣ ዝበዝሑ ካብ'ኦም ዝብልዎ ከሳብ'ታ ዝሞተላ ግዜ ኣብ ዝነበራ ሳምንታት ዝተፈልየ ሰብ ኮይኑ ኔሩ፣ ነቲ ንመጨረሻ ግዜ ዝተራኸቦ ሰብ ዝበሎ ናይ መጨረሻ ነገር- ንመሓዝኡ፣ ብእግሩ ንዊሕ ክጉዓዝ ክኸይድ ምዃኑ'ዩ። ድምር ናይ'ዞም ኩሎም ረጃሒታት ክኸውን ይኽእል ንዕኡ ናብ ገለ ከባቢ ናይቲ ሩባ ክኸይድ ዝገበሮ። ምናልባት'ውን ብድንገት ናብቲ ሩባ ወዲቑ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ምናልባት'ውን ብገለ ንጥረነገር ተጸልዩ ኔሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ ብኸምኡ ይኸውን ኣብቲ ሩባ ክርከብ ክኢሉ።"[36]*

79. ኣብዚ መረዳእታ'ዚ ጌታቸው ዘቕረቦ መጎተ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ፡

> *""ወደይ ኦርቶዶክስ ክርስትያን ምንባሩ'ውን ሸለል ተባሂሉ'ዩ። እዚ ኣገዳሲ'ዩ፡ ምኽንያቱ ኦርቶዶክስ እምነትና ዝምህረና ናይ መውዳእታ ክልተ ሓጥያታት ምሕረት ዘይግበረሎም እንተለው (1) ቅዱስ መንፈስ ምጽላም፡ (2) ነብሰ ቅትለት ምፍጻም። ልክዕ ከምቶም ኩሎም ደቀይ ማይክል እኹል ኣፍልጦ ኔርዎ፡ ካብዘርኢ ቤተሰብና ብነብሰ ቅትለት ዝሞተ ዋላ ሓደ ሰብ የብልናን"[37]*

80. ሞት ሚኪኤል ውጽኢት ናይ ኮነ ኢልካ ሂወቱ ባዕሉ ምሕላፍ ድዩ ኣይኮነን ንዝብል ካብቲ ዘሎ መርትዖታት ተበጊስካ ኣብ ውሳነ ክብጻሕ ኔርዎ።

81. ኣብ'ዚ ጉዳይ ዝሕግዝ ንጹርን ኣገዳስን ዝኾነ መርትዖ የለን፡ ሃይማኖታዊ እምነት ማይክል ኣብ ሕሳብ የእቲኻን ኩነታት ኣማውትኡ ኣብ ግምት የእቲኻን ኣነ ኣስካሉ ዘቕረበቶ መጎተ "እቲ መርትዖ ነብሰቅትለት ዝብል መደምደምታ ንምብጻሕ ዝድግፍ ብቑዕ ዓይነት ወይ ድልዳለ ዘለዎ ኣይኮነን" ይቕበል። ብተመሳሳሊ ማይክል ሓዚኑ፡ ጉህዩን ምናልባት'ውን ሓሪቑን ኔሩ ክበሃል'ኳ እንተተኽኣለ ክነብር ምኽንያት ዝኾኖ ግን ብንጹር ብዙሕ ኔርዎ።

82. ኣነ ሞት ማይክል ውጽኢት ናይ ባዕሉ ኮነ ኢሉ ሂወቱ ዘሕለፈ'ዩ ኔሩ ኢለ መደምደምታ ኣይህብን።

ድንገት ምእታው ናይ ሩባ ማሪቢርኖንግ

83. ኣነ ምስ ናይ ኣስካሉ መጎተ ይሰማማዕ፣ ማይክል ኣብ'ቲ ሩባ ዝኣተወሉ ልክዕ ቦታ ኣፍልጦ ኣብ ዘይሃለወሉ፣ ብድንገት ኣብቲ ማይ ክኣቱን ክይወጽ ክተርፍን ዘሎ ተኽእሎታት ክተረጋግጽ ኣሸጋሪዩ።

---

[35] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፍ 55

[36] ቅዳሕ ገጽ 1060.

[37] መጎተ ብኣቦ መዋቲ, ገጽ 2.

84. ዝበዝሐ ክፋላት ናይቲ ሩባ ኣብቲ ገምገም እምኒ ተንዲቐሎ ይርከብ። ኣብ ገለ ቦታታት ክሳብ ሓደ ሜትሮ ዝኸውን ካብ ጫፍ'ቲ ሩባ ቀረባ ዕምቆት ዘለዎ ክኸውን ከሎ ኣብ ገሊኡ ከኣ ኣዝዩ ክብ ዝበለ ዑምቀት ይህልዎ።

85. ኣነ ማይክል ብሕርቃን ወይ ጭንቀት ብጣዕሚ ስለዝተጸልወ ናብቲ ሩባ ወዲቑ ዝብል ቅቡል ስነሓሳብ ኢለ ኣይወስዶን'የ። እዚ ብቐሊሉ ብመርትዖ ዝተደገፈ ኣይኮነን። ምንምኳ ማይክል ካብ መሓዝኡ ከፈላለ እንከሎ ሓሪቑ እንተነበረ ኣብ'ቲ ኣብ ኣብ መደበር ባቡር ኒውማርኬት ዝተቐርጸ ቪድዮ ግን ከምኡ ዝነበረ ኣይመስልን። ጎኒ ጎኒ'ቲ ሩባ ዝኸይድ ናይ እግረኛ መንገዲ ኣብ መብዛሕትኡ ቦታታት ካብ ጫፍ ናይ'ቲ ሩባ ገለ ሜትሮታት ምኻኑ ክስትውዓለሉ ዘለዎ'ዩ። ስለዚ ማይክል ካብቲ መንገዲ እግረኛ ብቐሊሉ ተንሸራቲቱ ኣትዩ ዝብል፣ ክኸውን ዘይክእል ተርእዮ'ዩ።

86. ማይክል ብሓደ ዘይተፈልጠ ዕጽ/መድሃኒት/ነገር ተጸልዩ ኔሩ ክኸውን ይኽእል'ዩ ወይ ከኣ ብገለ ካልእ መስርሕ ሚዛኑ ክስሕት ዝገበሮን ናብቲ ማይ ብድንገት ክኣቱ ዝገበሮን። እዚ ውጽኢት ናይ ኣብ ልዕሊኡ ዝተገብረ ብዘይፍላጡ ወይ ከኣ ብዘይፍቓዱ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ከምኡ ዓይነት ኩነታት ነብሱ ክድሕን እንተዘይከኣለ ብርግጽ ዝያዳ ርዱእ'ዩ።

87. እንተ'ኾነ ግን ዝያዳ መርትዖታት ዘይምህላው ድንገተኛ ሞት ዝብል ርግጸኛ መደምደምታ ክግበር ዝከኣል ኣይኮነን።[38]

88. ተፈጥሮኣዊ ባህርያት ደንደስ ሩባ ማሪቢርኖንግ ኣብ ከባቢ ድንድል ረይሊ ሮድ (ኣብ ናይ ኣስካሉ መንተ ኣብ ሕጥበ ጽሑፍ 70 ተመልኪቱ ዘሎ) ብፍላይ ክስትውዓለሉ ዘለዎ'ዩ። እቶም ባህርያት ናይ ብድንገት ምውዳቕ ወይ ብሰንከልከል ናብ ሩባ ምእታው ክጋጥም ዘሎ ተኽእሎ የጉድልዎ'ምበር ኣየዛይድዎን። እንተ'ኾነ ግን ድንገተኛ ሞት ክኸውን ዝኽእል ም'ኽንያት ኮይኑ ይተርፍ።

**ዓመጽ ወይ ኢድ ሳልሳይ ኣካል**

89. ናይ ኣስካሉ ርእይቶ እቶም ኩሎም ኣብ ግዜ ምጥፋእን ሞትን ማይክል ዘለው ኩነታት ካብ ካልኦት ተርእዮታት ንላዕሊ ዝያዳ ምስ ምትእትታው ኢድ ይመሳሰሉ። እንተ'ኾነ ግን ንማይክል ብሓቂ እንታይ ኣጋጢምዎ ንዝብል ውሳነ ምሃብ ንምኽኣል ብድፍኑ/ብቐሊሉ እኹል መርትዖ የለን።[39]

90. ዓመጽ/ኢድ ሰብ ክህሉ ይከኣል'ዩ፡ ክትነጽጎ'ውን ኣይከኣልን። ሓደ ካብ'ቶም ንምጥሓል ማይክል ክኾኑ ዝኽእሉ መግለጺታት ከምዝኾነ ኣብ መንጎ ኩሎም ተሚጓትቲ ዘሎ ናይ ሓባር መረዳእታ'ዩ።

91. ኣስካሉ ኣቕሪባቶ ኣብ ዘላ መንተ ነዚ ነገር ብስነ ሓሳብ ደረጃ ጽቡቕ'ዩ (ዋላ'ኳ ተኽእሎ'ኡ ብዙሕ እንተዘይኮነ) ልክዕ ከም'ቲ ማይክል ካብቲ ኣብ ገማግም ሩባ ዝርከብ ናይ እግረኛ መንገዲ ብድንገት ናብቲ ሩባ ወዲቑን ድሒሩ ከኣ ጥሒሉን ዝብል ስነሓሳብ።"[40]

92. ምስ "ኢጣልያዊ ሰብ" ተባሂሉ ተመልኪቱ ዘሎ ሰብ ዝምልከት ኣዝዮም ብዝሒ ዘለዎም መርትዖታትን ጽሑፋዊ መሰነይታን ቀሪቦም'ዮም።

93. ስድራቤትን ኣባላት ማሕበረሰብ ትግርኛን ብዛዕባ'ዚ ሰብ ጥርጣረ ሒዞም ክምዝነበሩ ርዱእ'ኳ እንተ'ኾነ ኣነ ምስ ሚስተር በርንሳይድ ዘቕረቦ መንተ ይሰማማዕ፡ እቲ ርክብ ኣብ መንጎኡን ምጥፋእ ማይክልን "ረቂቕ'ዩ"፡ "ምስ ምጥፋእ ማይክልን ድሕሪኡ ዝሰዓበ ሞትን ዘተሓሕዝ ዋላሓደ መርትዖ የለን።"[41]

---

[38] መንተታት ብወክልቲ ወ/ሮ ኣስካሉ ተላ, ሕጥበ ጽሑፋት 69-72.

[39] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፍ 73.

[40] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፍ 90.

94. ኣነ ብተወሳኺ ሚስተር በርንሳይድ ምስ ዘቕረቦ ጽሚቕ ናይ'ቲ ኣገዳሲ መርትዖ፡ ብፍላይ ከኣ ምስ'ቲ ናይ ወ/ት ደጊል ይሰማማዕ። ኣብ'ቲ ብዕለት 7 ሓምለ ወ/ት ደጊል ንክራይም ስቶፐር ካብ ዝሃበቶ ጸብጻብ ንፖሊስ ተሞርኪሱ ተሓጋጋዚ ላዕለዋይ ሰርገንቲ ፒተር-ረንደልማን ብዛዕባ ጸብጻብ ሓበሬታ ዝሃቦ መርትዖ ከምዝብሎ፦-

> *"እታ ደዋሊት ዝበለቶ ነቲ ሰብ ብግቡእ ከትገልጾ እኹል ሓበሬታ ኣይሀብን'ዩ፡ ኢጣልያዊ .. ዘለዎ ሰብ። ኣይፋሉን። ኣይፋሉን። እቲ ኣብኡ ዘሎ ሓበሬታ ... ትሕዝቶ ናይቲ ጸብጻብ ሓበሬታ፡ እቲ መግለጺ፡ ርዱእ'ዩ ቅዳሕ ናይዚ ከምጸእየ፡ እቲ ሰብ ተገሊጹ ዝነበረ እዚ መግለጺ ጥቓቲ ኢጣልያዊ ሰብኣይ ዝመስሎ ኣይምበልኩን ኔረ።"*[42]

95. ኣነ ምስ ሚስተር በርንሳይድ ዘቕረቦ መንተ ይሰማማዕየ፡ ምስሊ'ቲ ኢጣልያዊ ሰብ ምስቲ ወ/ት ደጊል ዝሃበቶ ናይ መሰኻኽር መሰነይታ ብልክዕ ዝገጥም ኣይኮነን። ንሱ ብርግጽ ምስ'ቲ ወ/ት ደጊል ኣብ'ቲ ናታ ጸብጻብ ንክራይምስቶፐር ዝሃበቶ መግለጺ ኣይገጥምንዩ።[43]

96. ዓመጽ/ኢድ ሰብ ክንጸግ ከምዘይከኣል ናይ ሓባር ባይታ'ዩ። ብተወሳኺ ማይክል ብልክዕ ግዳይ ተግባራት ሳልሳይ ኣካል ወይ ኣካላት ኔሩ ክኸውን ዘለዎ ተኽእሎ ከምዘለዎ'ዩ። እንተኾነ ግን እቲ መርትዖ ኣብዚ እዋንዚ ከምዘለዎ ነቲ ብኢጣልያዊ ሰብኣይ ዝፍለጥ ሰብ ኣብ ሞት ማይክል ኢድ ኔርዎ ዝብል ስነሓሳብ ኣይድግፎን'ዩ።

*መደምደታ ውሳነ ሞት ዘጋጠመሉ ኩነታት*

97. ኣስካሉ ኣነ መደምደምታ ሞት ማይክል ዘጋጠመሉ ኩነታት ከፉት ክገድፎ ዝብል መንተ ኣቕሪባ። ጌታቸው ኣነ ማይክል ተቐቲሉ'ዩ ኢለ መደምደታ ውሳነ ክሀብ መንተ ኣቕሪቡ።

98. እቲ ዘሕዝን ጽዑቕ መርመራ ተጌሩ ከብቅዕ ኣነ ኣብቶም ዝነበሩ ኩሎም ሞት ማይክል ዘጋጠመሉ ኩነታት መደምደምታ ክሀበሉ ኣይከኣልኩን። እቲ መርትዖ መደምደምታ ክሀብ ኣይፈቕደልይን። ኣብ ሚዛን'ቲ ኩሉ ተኽእሎታት ነቲ ብልክዕ ብኸመይ ወይ ንምንታይ ማይክል ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ኣትዩ ዝብል።

99. ኣብ ግዜ'ቲ መጋቢእያ ብተደጋጋሚ ከምዝበልክዎን በቲ ብዳኛ ዝተመዘ መርማሪ ከምዘረጋገጽን እቲ መዝገብ ከፉት ክግደፍ'ዩ። እቲ መርመራ ሞት ኣድላይ ምስዝኸውን ክኽፈት ይከኣል'ዩ።[44]

100. ነቲ ብኸመይን ንምንታይን ማይክል ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ክርከብ ከኢሉን ጥሒሉን ዝብል ብዘይካ ከፉት መደምደምታ ካልእ ኣማራጺ የለን፡፣

<u>ርእይቶታት</u>

*ፖሊስን መርመራ ሞትን*

101. ኣብ ግዜ'ቲ ምስማዕ መርትዖታት ብኣባላት ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ልዑል ስግኣት ተላዒሉ ኔሩ፡ ብዛዕባ ኣረኣእያ ፖሊስ ኣብ ልዕሊ ኣባላት'ቲ ማሕበረሰብ ብሓፈሽኡ ኣብ ልዕሊ ኣስካሉን ብዛዕባ ምሉኣነት መርመራ ሞት ማይክልን።

102. ዋላ'ኳ መርመራ ሞት ዘካይድ ዳኛ ንዳይረክተር ህዝባዊ ክሳሲ እንድሕሪ ምስ ሞት ዝተሓሓዝ ኣብ ፍርዲ ክቐርብ ዘለዎ ኣገዳሲ ገበን ተፈጺሙ፡ ኣብዚ ርዱእ ክኸውን ዘለዎ ኣገዳሲ ነጥቢ መርመራ ፍጻመ ገበን ከገብር ናይ'ዚ መርማሪ ዳኛ

---

[41] *መዕጸዊ መንተ ተሓጋጋዚ ኣማኸሪ ሕጊ*, ሕጥበ ጽሑፍ 60.

[42] ቅዳሕ ገጽ 528.

[43] *መዕጸዊ መንተ ተሓጋጋዚ ኣማኸሪ ሕጊ*, ሕጥበ ጽሑፍ 64.

[44] ቅዳሕ ገጽ 1164.

ስራሕ ኣይኮነን። ብተወሳኺ እቲ መርማሪ ዳኛ መደምደምትኡ ወይ ርእይቶ ዝኾነ ዓይነት ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ፍጻመ ገበነኛዩ ወይ ከኣ ከኸውን ይኽእልዩ ዝብል ክእቱ ይብሉን።[45]

103. ብጸብጻብ ክቐርብ ዘለዎ ሞት እንድሕሪ ኣጋጢሙ ፖሊስ ቪክቶርያን መርማሪ ናይዚ ዳኛን ኩሉም ዝተፈላለየ መርመራ ኣብ ኩነታት ሞት የበግሱ። መርመርቲ ሞት ደያኑ ንግዚኡ መርመራኦም ደው የብልዎ ንፖሊስ ቪክቶርያ ከምርመር ዝግብእ ፍጻመታት ገበን ከይሀሉ ንኸረጋግጹ ይፈቕደሎም።

104. ኣብ ገለ ጉዳያት ዋላኳ ፖሊስ ቪክቶርያ ገበናዊ ፍጻመታት ምስ ሞት ይተሓሓዝ/ይራኸብ ዝብል እምነት እንተሃለዎም፣ ካብኡ ንላዕሊ ነቲ ጉዳይ ክቐጽልዎ ኣይክእሉንዮም። ኣብ ከምዚ ጉዳያት ገበናዊ መርመራ ፖሊስ ቪክቶርያን መርማሪ ሞትን ከመሳቐሉ ይኽእሉዮም፡ ግን መርመራ ሞት ከግስግስ ናይ ግድንዩ ብዘየድሉ ከይጓተተ መታን። ምድንጓያት መስርሕ ናይቶም ብሓዘን ዝተተንከፉ ቤተሰብ፡ ኣዕሩኽን ካልኦትን ሓዘን ከጋድዶ ይኽእልዩ።[46]

105. እጃም ናይቲ መርማሪ ሞት ካብ እጃም ገበናዊ መርመራ ዝፍጽም ኣባል ፖሊስ ክፈላለ ኣለዎ። እዚ ቤት ፍርዲ ናይ ባዕሉ መርመርቲ ኣይቆጽርን። ኣብ ጸብጻብ ክኣቱ ዘለዎ ወይ ከኣ እንደገና ክረአ ዘድሊ ሞት እንድሕሪ ኣጋጢሙ መርማሪ ሞት መምርሒ ደልዩ፡ እቲ መርማሪ ዳኛ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ ካብ ኣባል ወይ ኣባላት ፖሊስ ንመርማሪ ዳኛ ኣብ'ቲ መርመራ ከተሓጋገዝዎም ይምድበሉ።

106. ኣብዚ ጉዳይ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር ነዚ መርመራ ሞት ከዳሉ ተመዚዙ።

107. ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር ዘዳለዎ መንተ ብዛዕባ ዝለዓለ ኣድላይነት ኣፍልጦ ማሕበረሰብ ኣብ እጃም ወይ ተራ መርማሪ ሞት ዝምልከትዩ፡-

> *"ብኣኽብሮት እዚ ቤት ፍርዲ ወግዓዊ ርእይቶ ክሀብ ኣለዎ፡ ምናልባትውን ዋላ ብወግዒ ብመዝገብ ክትሕዞም ንመጻኢ ጉዳያት፡ ኣብ ተራን ሓላፍነትን መርማሪ ሞት ዝምልከት ጉዳያት ብመሰረትዚ ከም መርማሪ ሞት ክይኑ ነዚ ቤት ፍርዲ ዝተሓጋገዝ ኣባል ፖሊስ፡ ከምቲ ኣብ'ዚ ጉዳይ ዘጋጠመ ከዝንጠልን ንዘይተኣደነ ነቐፌታ ግዳይ ከይከውንን መታን። ዝለዓለ ኣፍልጦ ፍሉይን ፍሉይ ተራ ናይ መርማሪ ሞትን (ከምቲ ካብ መዓልታዊ ስርሑም ፍሉይ ዝበለ ምኻኑ ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ከም መርማሪ ፖሊስ ተደራራቢ ስራሕ ዘካይድ) ውን ከብጻሕ ዝከኣል ኩሉም መርመራታት ሞት ቅድሚ ምብጋሶም ነቲ ፍሉይ ተርእም መብሪሂታትን ንጹርነትን እናሃብካን ቤት ፍርዲ ዘጸደቐ መምርሒ ጽሑፋት ዝርካብ ንህዝቢ ብደረቕ ቅዳሕ ከምዝቐርብ እናገበርካን (ቁርጽራጽ ጽሑፋት ወረቐት) ወይ ከኣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ፍርዲ ብምቕማጥን።"*[47]

108. ኣነ ምስዚ መንተ ይሰማማዕየ። ካብዚ ጉዳይ ጀሚሩ እዚ ቤት ፍርዲ 'መርማሪ ኣባል' ዝብል ቃል ብ"መርማሪ ናይ ኮሮነር" ኢሉ ተኪ'ኦዎሎ ብኽምዚ ዝሰዕብ ከኣ ትርጉም ይህቦ።

> *"ኣባል ወይ ኣባላት ፖሊስ ብላዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ ዝሕጸዩ/ዝሰመዩ ወይ ከኣ ዝኾነ ካልእ ሰብ ንጸብጻብ ክዳለወሉ ዘለዎ ሞት መርመራ ንምክያድ ብመርማሪ ሞት ክተሓጋገዝ ዝተሰምየ፡ እቲ መምርሒታት ብቐጥታ ካብ ኮሮነር ይቕበል። ብመምርሒታት ናቱ ከኣ ነቲ ዝተዋሀቦ ተራ ይፍጽም።"*

109. እዚ ትርጉም ኣብ ብዙሓት ተግባራዊ መምርሒታት ሕጂ ኣትዩ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ቤት ፍርዲ ተለጢሙ።

110. ኣብዚ ኣገዳሲ ከንርድኦ ዘለና ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር ኣብ'ዚ ጉዳይ ከም መርማሪ ናይ ኮሮነር/መርመራ ሞት ተራ ዘለዎ ንፖሊስ ቪክቶርያ ወይ ከኣ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ ከምትርጉም ኣይወከሎምን፡ ግን መምርሒታቱ ካብ ኮሮነር ወሲዱ።

---

[45] *ሕግታት ኮሮነር 2008* ክፋል 69(1).

[46] *ሕግታት ኮሮነር 2008* ክፋል 8(b).

[47] ጽሑፋዊ መንተ ኣብ ክንዳ D/S/C ቲም ማክከራከር, ሕጥበ ጽሑፍ 15.

111. ብናተይ ጠለብ ላዕለዋይ መርማሪ ሰርገንቲ ፒተር ታተር-ረንደልማን ዳሕራይ ብላዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ ከምተወሰኸ. መርማሪ ናይ ኮሮነር ንዓይ ኣብ መርመራ ሞት ከሕግዘኒ ተመዚዙ።

**"ዘየጠራጥር" ሞት**

112. *ሕግታት ኮሮነር 2008 እዞም ዝሰዕቡ ቃላት "ዘጠራጥር" ወይ "ዘየጠራጥር" ኣይጥቀምን፡ ኣይጠቅስን፡ ሕጊ ዝናት 1958'ውን ከምኡ.*[48]

113. ሞት ማይከል ብፖሊስ ቪክቶርያ "ዘየጠራጥር" ተባሂሉ ምጽዉዑ ኣብ መንን ቤተሰብ ማይከል፡ ፈተውቱን ማሕበረሰብን ንጹር መሰሓሓቢ ነጥቢ ኔሩ።

114. ምጥቃም "ዘየጠራጥር" ዝብል ቃል፡ ከምዚ ናይ ማይከል ምስ ሞት ዝተኣሳሰር ኣብቲ ሞት ዝነበሩ ኩነታት ኣብ ዘይተፈልጠሉ ንኣባላት ቤተሰቡን ፈተውቱን ኣብ ዝለዓለ ተነቃፍነት ኣብ ዘለውሉ ግዜ ዘየድሊ ምድንጋራት ከምጽእ ይኽእልዩ።

115. "ዘየጠራጥር" ዝብል ቃል ብንጹር ንፖሊስ ቪክቶርያ ጽቡቕ ዝርድኦዎ ትርጉም ኣለዎ። ምናልባትውን ኣብ ገለ ከፋላት ናይቲ ኣብዝሓ ማሕበረሰብ። እዚ ግን ኣብ ትግርኛ ማሕበረሰብ ብንጹር ከምኡ ኣይኮነን። ምናልባትውን ብተመሳሳሊ ኣብ ካልኦት ብባህልን ቋንቋን ፍሉያት ዝኾኑ ማሕበረሰባት (CALD)፡

116. ካብዚ መረዳእታ ትሕዝቶ ናቲ ዝምልከቶ ማሕበረሰብን ርእይ ኣድላይነት ነቲ ኣገዳሲ ንጹርን ዘየማትእን ቋንቋ እቲ ሞት ብቐሊሉ ትርድኦ መንገዲ እንተዝግለጽ ኣገዳሲ ዝበለጸ ምኾነ። እዚ ርእይቶ ዋላኳ ኣብ ኩሎም እንተዘይኮነ ኣብ ብዙሓት CALD ማሕበረሰባት ክግበር ይክኣልዩ ኔሩ።

117. ኣነ ምስ ሚስተር በርንሳይድ QC ዘቐረቦ መጎተ ይሰማማዕ'የ። ፖሊስ ቪክቶርያ ከም እንደገና ከርእዮ ከምዘለዎን ንኣባላቱ ኣብ ኣገባብ ኣገላልጻን ኣመዳድባ ሞትን ደጊሙ ከምሃሮም ኣለዎ። ዝሓሸ ኣገባብ ኣገላልጻ ሞት ማይከል ከ'ሸውን ዝነበሮ "ምስ ቅትለት ዘይመስል" ወይ ከኣ "ዘይተገልጸ ሞት"ዩ።

**ኣገባብ ሓለዋ ፖሊስ**

118. ኣብ'ቲ መጎተ ሚስተር በርንሳይድ ነዞም ዝሰዕቡ ነጥብታት ኣቕሪቡ።

> *ኣባላት ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ኣብ ኣጠማምታ ፖሊስ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ማሕበረሰብ ይሰከፉ'ዮም። ገለ ካብኦም ፖሊስ ንበይኖም ፈልዩ ብፍላይ (ብሕማቕ) ቆላሕታ ይገብረሎም ኢሎም ይሓስቡ። ነዚ ኣረኣእያ ከኣ ብዙሕ ደገፍ ኣሎ፡፡ ንኣብነት ግርማይ መንገሻ ኤግዚቢት exh. AC ኣብ ዓንቀጻት 20 – 27.*
> *ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ቀርብ ድሕሪ ሞት ማይከል ስከፍታታቶም ብዛዕባ ምሉእነት ናይቲ መርመራ ኣብ ከልተ ፖሊስ ዝተረኽብዎ ርከባት ምስ ማሕበረሰብ ኣልዒሎም፡፡ እቲ መርመራ ዓሚቕ ከኸውንዩ ተባሂሎም መረጋገጺ ተዋሂቦም ኔሩ። ነዚ መረጋገጺ ብባህሪ ተጠራጢሮም ምስዚ ዘርግም ሞት ከይተገልጸ ተሪፉ ዘሎ። ኣብ ናይ ፖሊስ ዘይተገዳስነት ንኽነታቶም ዘለዎም ሕማቕ ኣረኣእያ ናይ ኣሰካሉ ንማይከል ደሃዩ ጠፊኡ ፕርዓን ከተቕርብ ዝገበረቶ ፈተነ ከይተዓወተ ምስተረፈ መሊሱ ገዲዱ። ዋላ ሓንቲ ጸልዋ ኣይነበሮን ምኽንያቱ ንሱ ቅድሚ ዕለት 4 ሓምለ መይቱ ኔሩ ይኸውን። ንሳ ብቑዕ ብዝኾነ መንገዲ መሰረታዊ ኣም ናይቲ ሻቕሎት ንድሕነቱ ኣመሓላሊፋቶ ድያ ንጹር ኣይኮነን። ክልተ መጎተታት ካብ ኣባላት ሕብረተሰብ ተረኪቦም ኔሮም። ነቲ መርትዖ ብትኽክል ከይገልጽዎ ይኽእሉዮም። ኣብ ገለ መዳያትውን ካብቲ መርትዖ ኣዐርዮም ይእለዩ። እንተ'ኾነ ግን ኣገደስቲዮም ምኽንያቱ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ከሳብ ክንደይ ፖሊስ ብግቡእ ኣይርድኦምን ሓለዋ ኣይገብሩሎም ኢሉ ከምዝተሰመ'ዖም ሓሳባት/ምኽሪ ይህብ። ብሓቂ እቲ ሻቕሎቶም መሰረት ይሃልዎ ብዘየገድስ እቲ ብቕንዕና ዝሰምዖም ሓዘን ምህላው ዝያዳ ኣገዳስነት ይህልዎ።*

---

[48] መዕጸዊ መጎተ ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ, ሕጥበ ጽሑፍ 78.

*ኣብቲ መጀመርያ ገሊኦም ንማይከል ፐሊስ ቀቲሎም ኢሎም ይሓስቡ ኔሮም። ወላሓደ መርትዖ ነዚ ዘረባ ዘረጋግጸ የለን፡ ግን ሰባት ከምኡ ምሕሳቦም ዝለዓለ ደረጃ ዘይምትእምማን የንጸባርቕ፡ እዚ ከኣ ኣገዳሲ ከተሓዝ ዘለዎ ነጥቢዩ። እዚ ዘይምትእምማን ኣብ ገለ ኣባላት ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ ካብ ፖሊስ ሓገዝ ንምድላይ ጸልኣት ይፈጥር፡ ምናልባትውን ግቡእ ርክብ ኣብ መንጎ ኣባላት ሕብረተሰብን ኣባላት ሓይሊ ፖሊስን የጓትት። ከም ኣብነት ኣብ ናይ'ዚ ጉዳይ ኣባላትዚ ማሕበረተሰብ ውጽኢት መርመራ ፖሊስ ሞት ማይከል ከኣምኑ ፍቓደኛታት ኣይነበሩን። እዚ ኣብያኦም ኣብ ዘይቦትኡ'ዩ ኔሩ። ግን ንፖሊስ ከኣምኑ ፍቓደኛታት ዘይምዃኖም ጥራይ ከተሓዝ ዘለዎ ነገር'ዩ።[49]*

119. እዚ ጽቡቕ ጽሟቕ ናይቲ ጉዳይዩ።

120. ኣስካሉ መጎተኣ ኣብ ትሕቲ ኣርእስቲ "ኣዕጋብነትን ኣካይዳን መስርሕ መርመራ" ኣቕሪባቶ።

121. እቶም መጎተታት "ዘስተውዓልሉ ምግጫው ረብሓታት" ኔሩ፡ ኣብቲ ቀዳማይ ከፋል መርማሪ ሞት ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር። ኣብ'ቲ ዘቕረቦ መጎተታት ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ነዚ ነቐፌታ ብትሪ ነጺግዎ።

122. መጎተታት ኣስካሉ ነቶም ከልተ ኣኼባታት ማሕበረሰብ ምስ ፖሊስ ዝምልከቱዮም። ጉዳይ እምነት ማሕበረሰብ ኣብቲ ናይ መጀመርያ መርመራ ፖሊስ ኣብ'ቶም ኣኼባታት ተላዒሉ ኔሩ። ኣነ ይቕበሎየ ብተወሳኺ እቲ ማሕበረሰብ ኣብቶም ኣኼባታት ምስ ምክትል ኮሚሽነር ፎንታና ከምዘልዓሎም፣ ዘለዎም ሻቕሎትን ነቐፌታታት ኣብ ገለ መዳያት ናይቲ መርመራ በቲ ከባቢ ፖሊስን እቲ መርመራ ፖሊስ ኣብ ከንዲ በቶም ናይ ከባቢ ፖሊስ ብኻልእ ከካየድ ደልዮም።

123. ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ኣብ ሓላፍነት መርመራ ተመዲቡን እቲ ሞት ቅትለት-ሰብ ኣይኮነን ተባሂሉ ምስ ተወሰነ ንሱ መርማሪ ሞት ኮይኑ። ንሱ ናይቲ ከባቢ ኣባል ፖሊስን ኣባላት ማሕበረሰብ ኣሎ ዝበሃል ምግጫው ረብሓታት ምኽንያቱ ኣብቲ ማሕበረሰብ ናይቲ ከባቢ ፖሊስ ኣብ ምጥፋእን ሞትን ማይከል ኢድ ኔርዎም ወይ ከነብሮም ይኽእል ኔሩ ዝብል ኣረኣእያ ኔሩ።

124. ኣብዚ ግድን ብንጹር ከጥቀስ ዘለዎ ዝኾነ ኣባላት ፖሊስ ኣብ ምጥፋእን ሞትን ማይከል ተላቲፎም ኒሮም ዝብል ብፍጹም ዋላ ሓደ ጭብጢ የለን። እንተኾነ ግን እቲ ጉዳይ ካብ "ኣረኣእያ" እምበር ካብ "ከውንነት" ኣይኮነን። እቲ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ኣረኣእያ ኣብ ግምት ብምእታው (ዋላ'ኳ ጌጋ እንተኾነ) ከም ርእይቶይ ካብቲ ከባቢ ዘይኮኑ ኣባላት ነቲ መርመራ ካብ ፈልምኡ ዘካይዱ ምምዛዝ ልቦና ዘልዎ ምኾነ። እዚ ኣብ መጀመርያ ናይቲ ማሕበረሰብ ተኣማንነት ኣብቲ መስርሕ መዛየዶ ኔሩ። ዝኾነ ዓይነት ርእይቶ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ገለ ተጋጭይዎ ኔሩ ወይ ነጻ ኣይነበረን ዝብል -እንተገደደ ካብ ላዕለዋይ ትርኢቱ ዝተበገሰ ርእቶ ወይ ከኣ ኣረኣእያ ጥራይዩ ከ'ቨውን ዝኽእል እምበር ብወገኑ ሕጽረት ነጻነት ስለዝነበረ ኣይኮነን። ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ብሓቂ ተጋጭይዎ ኔሩ ወይ ከም መርማሪ ሞት ኣተገባብራ ስርሑ ኣብ ሕቶ ምልከት የእትይዎ ንዝብል ዋላ ሓደ መርትዖ የለን።

125. ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ከም ሓቂ ኣብ ትግባረ ስርሑ ዝተጋጨዎ ከምዘይኮነ ንጹር'ዩ። ኣነ'ውን መርትዖታቱን ኣብ'ዚ ነጥቢ'ዚ ዘቕረቦ መጎተን ይቕበሎ'የ። እንተኾነ ግን ኣብ'ቲ ጉዳይ ምምዳብ ንዕኡ፡ ኣብ'ቲ ዝነበረ ኩነታት፡ ኣብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኩነታት ኣውዲቕዎ (ምናልባት ኣብ ዘቕሕር ኩነታት)። ናይ ኣስካሉ መጎተ ዝነበረ፡-

*"ኣብቲ ኣብ ከንዲ ኣስካሉ ዝተረከበ ናይ ቃል መጎተ ተመልኪቱ ከምዘሎ ናይ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ጉድለት ኣይኮነን ኣብዚ ምግጫው ረብሓ ዘለዎ ዘምሰል መዝነት ስራሕ ዝተመደበ። ናብ ኣተሓሕዛ መርመራ ሞት ማይከል ብፖሊስ ከባቢ ዝቐንዐ ናይ ማሕበረሰብ ዘይምትኣምማንን ጸልኢን ከሀሉ ከምዝኾነ ርዱእ'ዩ ኔሩ። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ጉዳይ'ዩ ኔሩ ብምኽንያት መሰናኽላት ቋንቋን ባህልን ብሓደ ጽቡቕ ምክብባር ዘለዎን ብቐሊሉን ምስ መንእሰያትን ዓበይትን ኣባላት ማሕበረሰብ ማይከል ዝምድና ከምስርት ዝኽእል መርማሪ*

[49] መዕጸዊ መጎተ ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ፣ ሕጥበ ጽሑፋት 66 -72.

*ፖሊስ ከምርመር ዝብክ ዝነበረ። ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል- ማከከራከርን ዝኾነ ኣባል ርከባት ምስ ማሕበረሰብ፡ ኣብ ከልቲኡ ኣኼባታት ምስ ማሕበረሰብ ከሳተፉ ዘይምእዛዞም ዓቢ ትዕዝብተይ'ዩ። ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ኣብቲ ኣኼባ እንተዝሳተፍ ኔሩ፡ እቶም ብደሆታት ዝገጥሞም ዝያዳ ምተረደኦን ምምስራት ዝዓበየ ምሕዝነትን ርከባትን ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብ ከሳብ ከንደይ ብዓቢኡ ነቲ መርመራ ምጠቐሞ ኔሩ ዝይዳ ምተረደአ።'*[50]

126. ኣነ ይሰማማዕ። ፍሉጥ'ዩ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ኣብ'ቲ ምስ ማሕበረሰብ ዝተገብረ ኣኼባታት እንተዝሳሰተፍ ኔሩ ርእይቶን ሻቕሎትን ማሕበረሰብ ክረክብ ምሓገዞ ኔሩ። ኣብ'ቲ መንተእ ንሱ ምስ'ዚ ተሰማሚዑን ከምኡ ክገብር ሰለዘይተመዘዘ ንዕኡ ነቐፌታ ኣይኮነን። ብናተይ ርእይቶ ከምኡ ክገብር ከምደብ ኔርዎ።

127. ኣብ'ቲ ቀዳማይ መርማሪ ዝነበሩ ሕጽረታት ምስትውዓል ኣገዳሲ'ዩ፡ ከም'ዚ ዓይነት ትዕዝብቲ ኣብ ላዕሊ ክገብር እንከለኹ ንብቕዓት፡ ተወፋይነት ወይ ልቦናውነት ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ኣይኮንኩን ዝነቅፍ ዘለኹ። በዚ መረዳእታ ከአ ኣነ ኣብ መንተእ ብዛዕባ ኣረኣእያ'ቲ ማሕበረሰብ ንዕኡ ሓገዝ ኣብ ምብርካት የስምረሉ፦

> *"ሕጽረት ምትሕብባርን ሓበሬታን ካብ ኣደ ማይከልን ኣብ መላእ'ዚ መስርሕ'ዚ ምስኣ ዝተሓጋዝ ዝነበሩን፡ ከም'ቲዝግብኦ ከሓልፍ ዝነበሮ ከም ተኽእሎ ኣገዳሲ ሓበሬታ ከይተመሓላለፈ ተሪፉ። እዚ ከኣ ብውሑዱ ኣብ ሓደ ፍሉጥ ኣጋጣሚ ብፖሊስ ኣገዳሲ ዝኾኑ ስእልታት ከምዘሰዎ ከይተፈልጠ ካብ ኣደ ማይከል ትነብረሉ ከፍሊ ናይ CCTV ቪድዮ ምጥፋእ ምኽንያት ኮይኑ። ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር እዚ ሕጽረት ምትሕብባር ኣሕዚንዎን ንመርማሪ ዳኛ ብዝበሰጸ ንምሕጋዝ ዝነበሮ ከእለት ከመይ ከም ዘጉሃዮ ገሊጹ።"*[51]

128. ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማከከራከር ተሰፋ ምቑራጹ ርዱእ'ዩ። ግን ምስ'ቲ ናይ ኣስካሉ ካብ ተሞክሮኣ፡ ኣብ ግዜ መስርሕ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ዝተበገሰ መርትዖ፡ እምነት ምጉዳል ኣብ ፖሊስን ሽግር ማሕበረሰብ ብዛዕባ ምክያድ መርመራ ብናይ'ቲ ከባቢ ፖሊስ ክመዛዘን ኣለዎ።

እምነት ማሕበረሰብ/ርእሰ ተኣማንነት

129. ነቲ ብሓፈሻኡ ንምኽባር ሕጊ ፖሊስ ዝምልከት ጉዳያትን ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ኩነታት ርከብ ኣብ መንን ፖሊስ ቪክቶርያን ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ/ትግርኛን ምድህሳስ ናይ'ዚ ዕማም ኣይኮነ። ብንጹር ሕጽረታት እምነትን ርእሰ ተኣማንነት ኣብ ፖሊስ ከባቢ ከምዘሎ ምንጻር እኹል'ዩ። እዚ ናብ ርኩብ ኣኼባታት ማሕበረሰብ ብምምራሕ ብውሑዱ ሓደ ላዕለዋይ ኣባል ፖሊስ፣ ተሓጋጋዚ ኮሚሽነር ፎንታና ተረኺቡ ተዛሪቡ። እዚ ዝተገብረ ብፖሊስ ቪክቶርያ ነቲ ጉዳይ ምጥፋእ እምነት ማሕበረሰብን ርእሰ ተኣማንነት ኣብቲ መርመራን ንምዝታይ ዝተገብረ ኔሩ ኢለ ኣነ ይግምግም።

130. እቲ ማሕበረሰብ ብዓቢኡ ኣብ ብቕዓት፣ ርትዓውነትን መርመራታት ፖሊስን መርመራታት ሞትን እምነት ክህልዎም ፍጹም ኣገዳሲ'ዩ። ብእኡ መጠን ማዕሪኡ ኣገዳሲ ከኣ ኣብ ብዝሓባህላዊን ብዝሓቋንቋውን ማሕበረሰብ፣ ከፋላት ናይቲ ሕብረተሰብ (ኣብዚ ጉዳይ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያ/ትግርኛ) መርማሪ ሞት ክኸውን ብላዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ ዝተመዘዘ ኣባል ፖሊስ ብማዕረ ተወፋይነት ንምርዳእን ንዐኦምን ንማሕበረሰቦምን ከከላኸል ከኣልዮም ምዃኑ እምነት ክህልዎም ምህላው'ዩ።

131. ከምበዓል ፖሊስ ቪክቶርያ ዝኣመሰሉ ትካላት እምነት ዘገልግልዎን ምስኡ ሓቢሮም ዝሰርሑ ማሕበረሰብ ንምህናጽን ንምዕቃብን ግዴታ ኣለወን ምባል ምናልባት ልሙድ'ዩ። ብተወሳኺ ኣባላት ማሕበረሰብ ንፖሊስ ሓገዝ ከበርክቱሉምን ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ዝኣመሰሉ መርመራታትን ክተሓባበሩን ግዴታ ኣለዎም። መርመርቲ ሞት ካብ'ቲ ማሕበረሰብ ምሉእ ምትሕብባር ክረክቡ ከምግብኦም ሕቶ ክህልዎ ኣይከእልንዩ። እዚ ከጋጥም ዝለዓለ ተኽእሎ ዝህልዎ እቲ ማሕበረሰብ ክርድኦ እንከሎን ኣብ'ቶም ዝሳተፎም መስርሓት እምነት ምስዝህልዎምን'ዩ።

---

[50] መንተታት ብወከልቲ ወ/ሮ ኣስካሉ ተላ, ሕጥበ ጽሑፍ 151.

[51] ጽሑፋዊ መንተ ኣብ ከንዲ D/S/C ቲም ማከከራከር, ሕጥበ ጽሑፍ 7.

132. ብተወሳኺ ኩሎም ክፋላት ናይቲ ዝሰፍሐ፣ ሓፈሻዊ ማሕበረሰብ ንሞትን ምጥፋእን ዝምርምሩ ፖሊስ ሓገዝ ከበርክቱሎም ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ፍሉጥ'ዩ መርመራታት ምጥፋእን ሞትን ብካልእ ዓይነ ክረኣዩ ወይ ዋጋ ዕዳጋ ክኣትው ወይ ከኣ ብቑዓቶም ዝጎደለ ክኸውን ይኽእል ይኸውን እንድሕሪ ክፋላት ናይቲ ሕብረተሰብ ካብ ፖሊስ ሓገዝ ክሓቱ ፍቓደኛታት ዘይኮይኖም ወይ ከኣ ሓበሬታታት ክህቡ ፍቓደኛታታት እንተዘይኮይኖም፥፥

133. ኣብ'ዚ ጉዳይ ብወገን ገለ ውሑዳት ሰባት ካብ ሓደ ጭቡጥ ዘይኮነ ኣረኣእያ፡ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ኣባላት ፖሊስ ንማሕበረሰብ ኢትዮጵያ/ትግርኛ ዝተበገሰ "ኣዝዩ ዝለዓለ ዓቕን ዘይምትእምማን" ኔሩ። እዚ ብወገኑ ከምቲ ሚስተር በርንሳይድ QC ጌና ኣቕሚጥዎ ዘሎ ናብ'ዚ ኣምሪሑ፡-

> *"ካብ ፖሊስ ሓገዝ ምሕታት ፍቓደኛ ዘይምኳን፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ማሕበረሰብን ኣባላት ሓይሊ ፖሊስን ስሩዕ ርክብ ክይሀሉ ብዓቢኡ የጓትቶ።"[52]*

እዚ ናይ'ቲ ዘጋጠመ ርትዓዊ ነጸብራቕ'ዩ።

134. ብመሰረት መርትዖ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራክር ስርሑ ከም መርማሪ ሞት ካብ'ቲ ክኾኖ ዝግብኦ ንላዕሊ ኣሸጋሪ ከምዝኾነ ንጹር'ዩ። ስእነት ሓበሬታ ካብ ኣስካሉን ካብቶም ኣብ መላእ መስርሕ ዝተሓጋገዝዋ ዝነበሩን ከምቲዝግብኦ ክሓልፍ ዝነበሮ ከም ተኸእሎ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ክይተመሓላለፈ ተሪፉ። ከም'ቲ መንተታት ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራክር ኣቕሚጥዎ ዘሎ፡

> *"እዚ ከኣ ብውሑዱ ኣብ ሓደ ዝተፈልጠ ኣጋጣሚ ብፖሊስ ኣገዳሲ ዝኾኑ ስእሊታት ክምዝለዎ ክይተፈልጠ ካብ ኣደ ማይከል ትነብረሉ ክፍሊ ናይ CCTV ቪድዮ ምጥፋእ ምኽንያት ኮይኑ። ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራክር እዚ ሕጽረት ምትሕብባር ኣሕዚንዎን ንመርማሪ ዳኛ ብዝበለጸ ንምሕጋዝ ዝነበሮ ክእለት ከመይ ከም ዘጉሃዮ ገሊጹ።"[53]*

135. ላዕለዋይ መራማሪ ኮንስታብል ማክከራክር ካብ ልቡ ተሰፋ ምቑራጽ ከምዝተሞከረ ንጹር'ዩ። ኣስካሉ'ውን ብህላወን ድሕነትን ወዳ ኣዝያ ተሻቒላ ክንሳ ንመርመርቲ ፖሊስ ኣብ ዝቐጠፈ ግዜ ኣገዳሲ ሓበሬታ ክትህቦም ግን ብዘዕግብ መንገዲ እምነት ኣንቢራትሎም ከምዘይነበረት ርእይ ኔሩ። እዚ ከኣ ዓቢ ሓዘን'ዩ። ኣብ ክንዲ ላዕለዋይ መራማሪ ኮንስታብል ማክከራክር ዝቐረበ መርትዖ ከምዚ ይጠቅስ፡

> *"እዚ መጋባእያ ኣብ ጌጋ ርድኢት ተሞርኲሶም ዝወሃቡ/ዝተሓዙ ርኢይቶታት ኣብ ዓቕሚ ቤት ፍርድን (ኣቶም ወከልቱን ንኣብነት ከም መርመርቲ ሞት) ዝህልዎም ጎዳኢ ጽልዋ ንህዝቢ ክስተምህሩ መታን ርእይቶ ክህብ ከሓስበሉ ይግባእ። ምስኡ ዝኸዱ ርኢይቶታትን ለበዋታትን ብፍላይ ናብ ቪክቶርያ ፖሊስ፣ ማሕበረሰብ ትግርኛ፣ ኣብ ውሽጢ'ዝን ካልኦት ማሕበረሰባትን ፍሉይ ኣገዳስነት ዘለዎ ቦታ ዝሓዙን ተኣማንነት ዘለዎምን (ንኣብነት ፍለሚንግተን ከንሲንግተን ናይ ኮምዩኒቲ ሕጋዊ ማእከል)ን፣ መርመርቲ ኣባላት'ዚ መጋባእያ ብዘይ ምጉታትን ጌጋ ቅድመመረዳእታን ምስኦ ምትሕብባር ክገብረሎም ዝጸበይዎ ብዓቢኡ ኣቲ ማሕበረሰብን፣ ከመሓላለፉ ኣለዎም ።"[54]*

136. ነዚ ዝምልከት ርእይቶ ኣብ ላዕሊ ሂበ ኣለኹ።

137. ኣነ ብላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራክር ዝተዋህበ መንተ ብዛዕባ ምስ ባህሊ ዝተታሓሓዙ ጉዳያት ንምእላይ ዝወሰዶም ስጉምቲታት የስምረሉ። ኣብ መንትኡ ነዚ ዝስዕብ የቕርብ፡-

> *"ኩነታት ኣብ ዝፈቕዶ ቤተሰብ ማይከል ግሲጋሰ ናይዚ መርመራ ተሓቢሮም ኔሮም። ብተወሳኺ ባህላዊ ተገዳስነት/ተነቃፍነት ዝምልከት ምስ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ኢትዮጵያን ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላትን ብንጡፍ እናተላዕሉ መፍትሒ ተደልዩሎም ኔሩ።"[55]*

---

[52] መዕጸዊ መንተ ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ, ሕጥበ ጽሑፋት 71.

[53] ጽሑፋዊ መንተ ኣብ ክንዲ D/S/C ቲም ማክከራክር, ሕጥበ ጽሑፍ 7

[54] ኣይበድ፣ ሕጥበ ጽሑፍ 16.

[55] ኣይበድ፣ ሕጥበ ጽሑፍ 5.

እዚኦም'ዮም እቶም ግቡኣት ስጉምትታት ክውሰዱ ዝነበሮም።

138. እንተኾነ ግን ብዛዕባ ኣድልዎነት ኣብ ፖሊስ ኣሎ ዝበሃል ኣረኣእያ ነቲ ስርሑ ብሓፈሻኡ ኣሸጋሪ ጌርዎን ምስንኻል መርመራ ኣስዒቡን።

139. ኣነ ጽልዋታት "ናይ ኣብ ብሂላት ወይ ከኣ ኣቐዲሙ ዝጸንሓካ እምነት ወይ ቅቡል ሓሳባት ዝተመስረተ ኣድልዎ ነቲ ኩላትና ክንወቕዮ ዝድለ ዘሎ ሽቶ ከመይ ኢሉ ከምዘድከሞ"[56] ርእይቶ ክህበሉ ተሓቲተ ሓደ ካብቶም መርመራን ምእካብ መርትዖታትን ዝተደልየሉ ምኽንያታት ኣብ መንጎ ኣብ ፍለሚንግተን ነበርቲ ዝኾኑ ማሕበረሰብ ኢትዮጵያውያን ፖሊስ ኣብ ጉዳይ ሞት ሚኪኤል ገለ እ.ድ ኔርዎም ዝብል ርእይ ሰከፍታ ስለዝነበረ'ዩ። ኣቐዲሙ ከምዝተገልጸ ነዚ ርእይቶ ዝድግፍ ዋላ ሓንቲ መርትዖ የለን።

140. ምስ ናይ ማሕበረሰብ እምነት ምጥፋእ ኣብ ዝተኣሳሰር ጉዳይን ጽልውኡ ኣብ ስሉጥነት ናይ ሓደ መርመራ እዚ ዝሰዕብ መርትዖ ብላዕለዋይ መርማሪ ፖሊስ ማክከራክር ቀሪቡ ኔሩ፣

> *"ንሰኻ ከምትዝከሮ እቶም ስድራ ወይ ከኣ ጠበቓታት ኣስካሉ ካብ'ቲ ንሳ እትነብረሉን ማይክል ንመጨረሻ ግዜ ቅድሚ ምጥፍኡ መጺኡ ዝረኣያ ገዛ ረይስ ኮርስ ፍላትስ ዝተቐርጸ ምስሊ ክርክብ ይሓቱ ኔሮም። ኣብ'ቲ ዝተሓተሉ ግዜ እቲ ቪድዮ ክርከብ ኣይተኻእለን ኔሩ። ትሰማማዕ ዶ ምስ'ዚ? ካብ መጀመርያ ኣትሒዞ ኣዲኡ ንማይክል ከተዛርበኒ ዘይምድላያ ዘሕዝን'ዩ። ማይክል ቅድሚ ደሃዩ ምጥፍኡ ንዓኣ ከምዝበጽሓ ኣፍልጦ ከህልወኒ ዝኽኣለ እቲ ንሳ ዘቕረበቶ መሰነይታ ኣብ ሕዳር 2011 ምስተዋህበኒ ጥራይ'ዩ። ስለዚ ኣነ ከዛረባ ስለዘይከኣልኩ ነቲ ሓበሬታ ከረኽቦ ኣይከኣልኩን።*
>
> *ስለዚ ድሒሩ ከምዝተፈልጠ ቤተሰብ ማይክልን ማሕበረሰብ ማይክልን ዋላ መሓዙቱን መቕርቡን ብዙሕ ኣገዳሲ ሓበሬታ ናብ'ቲ መርመራ ከምጽኣዎ ዝኽእሉ ከምዝነበርዎም ትሰማማዕዶ?... ብልክዕ።*
>
> *ብናትካ ጌጋ ዘይኮነ ንስኻ ኣብ ኣሸጋሪ ኩነታት ተቐርቂርካ ምስዚ ማሕበረሰብ ዝምድና ከትምስርት ዋላኳ ሕጂ ከም ዝፈለጥካዮ በቲ ማሕበረሰብ ናይ እምነት ዘይምህላው ሽግር ከምዝነበረ? ... እወ። እቲ ማሕበረሰብ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ነቲ ገለ ሓበሬታታት ሒዞም መርመራ መታን ክካይደሉ ንቕድሚት ከመጹ ዘይምኽኣሎም ዘሕዝን'ዩ። ኣብ ፈቐድኡ ፖስተራት ዘርጊሐ ኔረ ሰባት ሓበሬታ ናባይ ከምጽኡ መታን፣ ብዙሓት ሰባት ሓበሬታ ዝነበሮም ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ እቲ መርመራ መጀመርያ ከጅምር ከሎ ንዓይ ኣይሃቡንን። ንሶም ከመጹን ነቲ ሓበሬታ ዝሃብሉን ግን እዚ ምእካብ መርትዖታት ብመጋባእያ ምስተጀመረ ጥራይ'ዩ።'*[57]

141. ኣብ መወዳእትኡን ብዘሕዝን ኩነታትን ኣብ ኢትዮጵያ/ትግርኛ ማሕበረሰብ ዝነበሩ ስምዒታት ብዛዕባ መስርሕ ሓለዋ ፖሊስ ናብ ዘይምትእምማንን ኣብያ ምሕጋዝን ኣምሪሖም ኔሮም። ነቲ ፈላሚ መርመራ ምጥፋእን ሞትን ማይክል ካብቲ ክኾኖ ዝነበሮ ንላዕሊ ኣሸጋሪ ጌርዎ ኔሩ። ኣነ ኣቐዲሙ ምትሕግጋዝ ዝሓሸ ምሕዝነታዊ ርክብ ምስ ፖሊስ ቪክቶርያ ወይ ከኣ ምትእምማን ዘለዎ ርክብ ምስ ፖሊስ ቪ.ክቶርያ በቶም መርመርቲ ካብ ዝበጽሓ ናይ መወዳእታ መደምደምታ ናይ ግድን ፍልልይ ምሃለዎ ኔሩ ኢለ ኣይኣምንን። እንተኾነ ግን ካብ ተሞክሮ ክንመሃሮ ዓቢ ትምህርቲ'ዩ እዚ ምእካብ መርትዖታት። እዚ ርክባት ኣብ እምነትን ጽቡቕ ዝኾነ ንጹር ምርካብ/ዝርርብ ዝተመስረተ ምኺኑ ንምርግጋጽ ዝከኣል ዘበለ ኩሉ ክግበር ዘለዎ ናይ ግድን ክግበር ኣለዎ። ኣነ ብእዋኑ ምትሕብባር ወይ ዝሓሸ ዝምድና ምስ ፖሊስ ቪክቶርያ ወይ ኣብ እምነት ዝተሞርኮሰ ርክብ ምስ ፖሊስ ቪክቶርያ፣ ብመርመርቲ ኣብ ዝተበጽሐ ናይ መወዳእታ ውሳነ ናይ ግድን ፍልልይ መምጸአ ኔሩ ኢለ ኣይወስንኩን። እንተኾነ ግን ካብዚ ተሞክሮን መርመራን ክንመሃሮ ዘለና ዓቢ ትምህርቲ እቲ ኩሉ ክግበር ዝከኣል እዞም ዝምድናታት ኣብ እምነት ዝተነድቁን ጽቡቕ ንጹር ርክብ ክህልዎምን ንምርግጋጽ ናይ ግድን ክግበር ኣለዎ። ፖሊስ ቪ.ክቶርያ እዚ ከትግበር ንምርግጋጽ ብንጹር ዝያዳ ሓላፍነት ኣለዎ። ምትእምማንን ርእሰ ተኣማንነት ኣብ ፖሊስ ብዝኾነ ክፋል ማሕበረሰብ ብንጹር ከተባባዕዩ እንድሕሪ ናይ ከባቢ ፖሊስ ብዓይኒ ማሕበረሰብ

---

[56] ኣይቢ.ድ፣ ሕጥበ ጽሑፍ 8.

[57] ቅዳሕ ገጽ 1050.

ከም ቅኑዓትን ርትዓውያንን ተራእዮምን። ኣብዚ መረዳእታ ተኣሚኖም ዘለው ለበዋታት ኣብ'ቲ መደምደምታ መጉተ ናይ ኣስካሉ የስፍሮም።

**ጸብጻባት ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ**

142. እዚ ኣርእስቲ ኣብ ግዜ ምእካብ መርትዖ ኣገዳሲ ሜዳ መርመራን ናይ ብጸዕቂ ዝቐረቡ ሕቶታትን ብፍላይ ከኣ ኣብ ከንዲ ኣስካሉ ዝቐረቡ መጉተታትን ኔሩ። ብዝሒ ዘለዎም መሰነይታታት'ውን ኣብ'ዚ ጉዳይ ብCCP ቀሪቦም።

143. ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ኣብ መጽሓፍ ፖሊስ ቪክቶርያ ብ'ሽምዚ ይትርጎም:-

*"ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ዝበሃል፥*
- *ዝኾነ ንፖሊስ ዝተሓበረ ሰብ ኣበይ ከምዘሎ ዘይተፈልጠን*
- *ንድሕንቱ ፍርሒ ዘሎ ወይ ከኣ ንህላወቲ ሰብ ሻቕሎት ዘሎ፥ ንኣብ ትካል ዝዕቆብ ሰብ ወሲኹካ (ቤት ማእሰርትን ወይ ማሕቡስን ከይወሰኽካ)።*[58]

144. እቲ ቀዳማይን ኣዝዩ ኣገዳስን ፍጻመ ዝነበረ ኣስካሉ ኣብ መደበር ፖሊስ ፉትስክረይ ሰዓት 1.49 ድ. ቀ. ዕለት 4 ሓምለ 2011 ብኣካል ምምጻኣ'ዩ። ንኮንስታብል ኣንድሪው ፕሪስሊ ኣዘራሪባቶ።

145. እቲ ዘሕዝን ግን፥ ካብ'ቲ መርትዖ ከኢላታት ሕክምና ንጹር ኮይኑ ዘሎ፥ ማይክል ኣብ'ቲ ኣዋን'ቲ ቅድሚ 4 ሓምለ 2011 መይቱ ኔሩ ከ'ኸውን ዝለዓለ ተ'ኽእሎ ኔሩ። እቶም ከኢላታት ሕክምና ኣብ ናይ ሓባር መርትዖታቶም ከምዝበልዎ:-

*"ሬሳ ሚኪኤል ላታክልት ብውሑዱ ንሓያለ መዓልታት ኣብ ውሽጢ ማይ ኔሩን እቲ ትርኢቱ ካብ ከባቢ'ቲ ብሂወት ንመጨረሻ ግዜ ዝተራእየሉ እዋን ኣብ ውሽጢ ማይ ከምዝነበረ ዝመሳሰል ኔሩ።"*[59]

146. ኣብ መንጎ ብኮንስታብል ፕሪስሊ ዝቐረበ መርትዖን ብኣስካሉን ኣብ ቋንቋ ክትሕግዞ ምስኣ ኣብ መደበር ፖሊስ ተረ'ኺባ ዝነበረት ሙና ገብሪሀት ዝቐረበ መርትዖን ምግርጫዋት ኣሎ። ዝርዝር ሓበሬታታትቲ ተጋራጫዊ መርትዖታት ኣብ'ቶም ብኣስካሉን ብCCP ዝቐረቡ መሰነይታታት ተወሲኾም ይርከቡ። ኩሎም'ቶም ሰለስተ ሰባት ብንጹር ቅኑዓት መሰ'ኻኽር ኔሮምን፥ ብናተይ ርእይቶ ኮንስታብል ፕሪስሊ ብቕንዕና ስርሑ የካይድ ኔሩ። ኣስካሉ ብዛዕባ ኩነታት ሚኪኤል ተሻቒላ ከምዝነበረት ዘጠራጥር የብሉን። ኮንስታብል ፕሪስሊ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዝርዝር መዝገብ ኣዳልዩን ገለ ምጽራያት ኣካይዱን።

147. ብንጹር ኣስካሉን ሙናን ካብ'ቲ መደበር ፖሊስ ወግዓዊ ጸብጻብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ከምዝቐረባን ስጉምቲ ከውሰደሉን ብምእማን'የን ወጺኤን።

148. ማዕሪኡ ንጹር ዝነበረ ኮንስታብል ፕሪስሊ እቲ ካልኣይ መለከዒ ናይቲ ፈተና ተማሊኡ ኔሩ ኢሉ ኣይሓሰበን፥ ስለዚ ንኣስካሉ እንድሕሪ ንማይክል ክትረኽቦ እንተዘይከኣለት፥ ንድሕንነት ህላወኡ ሻቕሎት እንድሕሪ ኔሩ ጸብጻባት ክዳለወሉ ከምዝኽእል ኣማኺርዋ።

149. ንምግጫው ኣብ መርትዖ ዝመልከት ኣነ ምስ ሚስተር በርንሳይድ QC ይሰማማዕ፥ መዛግብቲ ናይ ኮንስታብል ፕሪስሊ "ዝእመን ይመስል፥ ካብ ተዘክሮታት ናይ'ቶም መሰ'ኻኽር ንላዕሊ ይእመን።"[60] ብተወሳኺ ኣስካሉን ሙናን "ተጨኒቐን"[61] ኔረን ዝብል ከኣ ይሰማማዕ።

---

[58] ኤግዚቢት AN – Victoria Police Manual – Procedures and Guidelines: Missing persons investigations at Inquest brief ገጽ 820.

[59] ናይ ሓባር ጸብጻብ በዚኦም ዝተዳለው፥ ዶ. ኖኤል ዉድሮርድ፣ ዶ. ሊንዳ ኣይልስ፣ ዶ. ባይረን ኮሊንስን ሾውላ ስታይኮስ፥ ገጽ 1.

[60] መዕጸዊ መጉተ ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ, ሕጥበ ጽሑፍ 86.

150. እቶም መምዘኒታት ከተግብሮም ዘለዎ ርኢኻ ንኮንስታብል ፕሪሰሊ ከትንቅፎ ቅኑዕ ኣይመሰለን: ኣነ ምስ ሚስተር በርንሳይድ QC ይሰማማዕ፡ ኣስካሉ ንሓያለ ዓመታት ንማይከል ከምዘይረኣየቶ ከትነግሮ ኣገዳሲ'ዩ።[62] ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝኾነ ነገር ብዝተፈልየ ኣገባብ እንድሕሪ ከገብሮ ኮይኑ ተባሂሉ ምስ ተሓተተ (ምስቲ ኣብ'ቲ እዋን ዝተነግሮን ዘረጋገጾምን) ኮንስታብል ፕሪሰሊ "ኣይፋል: ኣነ ዝኾነ ነገር ብዝተፈልየ መንገዲ ኣይምገበርከዎን" ይብል።[63]

151. ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት ሸውዓተ ርከባት ምስ ፖሊስ ኔሮም። ብንጹር ከአ ኣብ'ዚ ሓጺር ግዜ ኣስካሉ ዝያዳ እናተሻቐለትን እናተበሳጨወትን ከይዳ። ብመሰረት እቲ መርትዖ ኣነ መደምደምታ ውሳነ ዝህብ፡ ነብሲ ወከፍ ኣባል ፖሊስ ምስኣ ዝተራኸበ መልከዒታት ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ: ብቕንዕናን ብሕልናን ኣተግቢሮሞ፡ ዋላሓደ ከአ ነታ ካልኣይቲ መለከዒ ተማሊኣ ኢሉ ዝደምደመ የለን። ንሱ ከአ ንሶም "ብዛዕባ ድሕነት ፍርሒ ኣሎ ወይ ከአ ብዛዕባ ህላወኡ ሻቕሎት ኣሎ: ካብ ትካል መዕቆቢ ዝህልው ወሲኽካ (ኣብ ቤት ማእሰርት ወይ ቤት ማሕቡስ ከይወሰኽካ)" ኢሎም መደምደምታ ኣይሃቡን።"[64]

152. ንጹር'ዩ ብመሰረት እቲ መርትዖ ኣብ ምትርጓምን ምትግባርን መለከዒታት ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ፡ ኣባላት ፖሊስ ዝወሰድዎ ኣተሓሕዛ ዝነበረ፡ ነቲ ሓበሬታ ድሕሪ ምስማዕ ንሶም ባዕሎም ነዚ ዝሰዕብ ኣገዳሲ "ሻቕሎት ንድሕነትን ህላወን ናይቲ ሰብ" ከህልዎም: ኣብከንዲ ብቐሊሉ ኣብቲ ጸብጻብ ዘቕርብ ዘሎ ሰብ ዘርኣዮ ዓቐን ፍርሒ ወይ ሻቕሎት ተሞርኪስካ ትመምዮ።

153. ኣብ መወዳእታ ዕለት 6 ሓምለ 2011 ከባቢ ፍርቂ መዓልቲ ኮንስታብል ረመድዮስ ወግዓዊ ጸብጻብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ኣዳልያ። ከምኡ ዝገበረት ዋላ'ኳ ንሳ ንድሕነቱ ወይ ከአ ህላዌኡ ብመሰረት ትርጉም ካልኣይ ከፋል ናይ'ቲ መግለጺ ንሂወቱ ወይ ድሕነቱ ሻቕሎት ኔሩ ኢላ እንተዘይኣመነት።

154. ናይ ኣስካሉ መሰነይታ ነቲ ናታ መርትዖ ጽቡቕ ጌሩ ይጸምቆ:

> *"ኮንስታብል ረመድዮስ ብተወሳኺ ንወ/ሮ ኣስካሉ ሓሪቓን ተበሳጭያን ርእያታ: ንሳ ገለ ዘይምርድዳእ ንዓኣ ኣሸጋሪ ዝገብሮ ከም ዝነበረ ከትርእይ ትኽእል ኔራ። ኮንስታብል ረመድዮስ ብዛዕባ ድሕነት ማይከል ሻቕሎታት ኔሮም ኢላ ከምዘይኣመነትን ብእኡ መሰረት ከአ ካልኣይ ከፋል መልከእታት መጽሓፍ ፖሊስ ቪክቶርያ ኣይተማለአን ትብል። እቲ ርእይቶኣ ዝነበረ ኣብ ምውሳን መለከዒታት ሻቕሎታት ንድሕነት- ሻቕሎታት እቲ ዝጠርዕ ሰብ ዘይኮነ ብወገን ፖሊስ ዝነበረ ሻቕሎትዩ ኣብ ግምት ከእቱ ዘለዎ: እንተኾነ ግን ዘይምዕጋብ ወ/ሮ ኣስካሉ በቲ ኣቓዲሙ ብኮንስታብል ፕሪሰሊን ኮንስታብል ሮቢንሰንን ዝተዋህባ መልሲ ነቲ ስዒቡ ዝተወሰደ ምድላው ጸብጻብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ኣጉዲዱ።"[65]*

155. መንነተ CCP ኣብዚ ብሓፈሽኡ ይሰማማዕ:-

> *"ኣብ መንጎ ኣስካሉ ተላን እቶም ዘዘራረበቶም ኣባላት ፖሊስ ዝነበረ ናይ ምርድዳእ ሽግር እንታይ ኔሩ ብዘየገድስ ካብ'ቲ መርትዖታቶም ዝወጸአ ንጹር ስእሊ ኣሎ:*
> *(a) ማይከል ካብ ኣስካሉ ተነጺሉ ኔሩን ንነውሕ ዝበለ ግዜ ምስኣ ኣብ ገዛ ኣይተቐመጠን'*
> *(b) ኣስካሉ ናይ ማይከል ሓበሬታታት መራኸቢ ኣይነበራን*
> *(c) ዋላ'ኳ ማይከል ኣበይ ከምዝነበረ እንተዘይተፈልጠ ንሱ ከረአ ዝኽእል ናይ ኣእምሮ ይኹን ናይ ኣካል ሽግራት ዘይነበሮ እኩል ሰብ'ዩ ኔሩ። ብተወሳኺ*
> *(d) እንተዘየሎ ጭቡጥ ዝኾነ ሻቕሎት ብዛዕባ ድሕነቱ ወይ ከአ ሂለዋቱ ኣይነበረን።*

---

[61] ኣይቢድ.

[62] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፍ 87.

[63] ቅዳሕ ገጽ 580.

[64] መንነተታት ብወከልቲ ወ/ሮ ኣስካሉ ተላ, ሕጥበ ጽሑፍ 127.

[65]. ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፍ 113.

*ኣብ መንነተ ቀሪቡ ከምዘሎ ኣብ መንን 4 ሓምለን 6 ሓምለን 2011 ምስ ኣስካሉ ዝተዘራረቡ ኣባላት ፖሊስ ብመሰረት እቲ ሓበሬታ ከም'ቲ ዝተረድኦዎ ግቡእ መልሲ ሂቦም። ካብዚ ቅቡል ዝኾነ መደምደምታ ከብጽሕ ዝከኣል ማይከል ሓደ ኣበይ ከምዘሎ ዘይፍለጥ ዝነበረ ሰብ'ዩ ኔሩ፡ ግን ሃለዋቱ ዝጠፍኤ ሰብ ኣይነበረን ንጸጥትኡን ድሕነቱን ዘሻቕሉ ጭቡጥ ነገራት ስለዘይነበሩ።"[66]*

156. ነቲ መልከዒታት ዝምልከት ዝኾነ ሽግር ገዲፍካ፣ ብናተይ ኣረኣእያ፣ ኣብ ርኡይ ኩነታት ሻቕሎት ብዛዕባ ወዳ ከላ ናይ ኣስካሉ ብተደጋጋሚ ኣብ መደበራት ፖሊስ ምምጻእ ነቲ ጸብጸብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ኣቓዲምካ ወግዓዊ ኣብ ምግባር ኣብ ምውሳን ከሕግዝ ኔሩዎ። ዋላ'ኳ እቶም ኣባላት ፖሊስ ከንቀፉ እንተዘይከኣሉ ብቕንዕና ስርሖም በቲ ዝተረድኦዎ ዕማም ምንጽጻር ጸብጸብ ኣንጻር'ቶም መለከዒታት ድሕሪ ምክያዶም፡ ኣተሓሕዝኦም ምናልባት ኣዝዩ ወግዓዊን ደረቕን ኔሩ። ብናተይ ርእይቶ ዝያዳ ተዓጻጻፍነትን ዝያዳ ተደናጋጺ ግብረ መልሲ ብቑዕ ም'ኾነ ኔሩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ትዕዝብቲ ከንብር እንከለኹ ኣድላይነት ዘይብሉ ኣመና ነቐፌታ ሕሉፍ ተግባራት ናይ ኣብ ከምዚ ዓይነት መዝነት ዝርከቡ ኣባላት ማለት ኣብ ስራሕ ዝበዝሖ መደበር ፖሊስ ዝተፈላለየ ዕማማት ዘካይዱ ሰባት ከይገብር እናተጠንቀቕኩ'የ።

157. መልሲ ኮንስታብል ረመድዮስ ናብ ናይ ኣስካሉ ብስጭት ግቡእ ኔሩ ብፍላይ ከኣ ምስ'ቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ጉዳይ ቋንቋ።

158. እዞም ምስ መሰርሕ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት ኣጠቓቕማ ደሃይ ዘጥፈአ ሰብ መፈተኒ ፈተነ፡ ቋንቋን ምስኡ ዝተሓሓዝ ትምህርቲን እዮም። ኣነ ምስ ሚስተር በርንሳይድ QC ዘቕረቦ መንነተ ይሰማማዕ'የ:

> *"እንተ'ኾነ ግን ምስ ደሃዩ ጠፈኡ ኢልካ ንምሕባር ዝተሓሓዘ ምድንጋራት ሓደ ከጥቀስ ዝግብኦ ብፖሊስ ክለዓልን ከፍታሕ ዝከኣልን ዘለዎን ጉዳይ'ዩ፡፡ ብፍላይ ንኣገባባት ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ዝገልጽ ጽሑፍ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ቅሩብ ክኸውን ለበዋ ምግባር ጠቓሚ ይኸውን። ጽሑፋት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ፖሊስ ዝጠቅም ነቶም ኢንተርነት ኣብ ዘድልዮም ግዜ ክኸፍቱ ዝኽእሉ ጥራይ'ዩ። (ሳዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር 3ይ ኣፊዳቪት ኤግዚቢት BW ኣብ ገጽ 4 ረአ፡፡)."[67]*

እዚ ብወገን CCP ኣብ መንነትኡ ተቐባልነት ረኺቡዩ

> *"እዚ ኩሉ ከይኑ ፖሊስ ቪክቶርያ ብቐጻሊ ተደላዩ ከይኑ ዘሎ ንምልላይን ምቐጻርን ተሓጋገዝቲ ንርከብ ኣብ መንን ኣባላት ፖሊስን እንግሊዝ ከዛረቡ ዘይከኣሉ ሰባት ከምዘድሊ ተኣሚኑ'ዩ። ብኡ መሰረት ብተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ ዝተኣመመ ለበዋታት ፍረ ኣሎ።"[68]*

159. ኣነ ምስ ናይ ኣስካሉ መሰነይታ ኣዝየ ይሰማማዕ:-

> *"ካልእ ኣዝዩ ዘሻቕል ጉዳይ፡ ንኣባላት ማሕበረሰብ ዝኸውን ደሃዮ ዝጠፍአ ሰብ ከመይ ገርካ ተመልከት፡ ኣብ ምጥንቓር እቲ ጸብጸብ ብፖሊስ ኣብ ግምት ዝኣትው ረቛሒታትን፡ እቲ ዘመልከት ምሉእ ጸብጸብ ናይ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ኩዓሎ ዘድልዩ ረቛሒታት ንኸማልእ ዘድልዮዎ ባኣታታት ሓበሬታ ክስንቕን፡ ዝሕግዝ ሓበሬታ ንኣባላት ማሕበረሰብ ዘይምህላው'ዩ። ብቛንቋ እንግሊዝ ይኹን ብ'ካልእ ቋንቋ ንህዝቢ ብዛዕባ ከመይ ገርካ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ተመልከት ሓበሬታ ዝህቡ መንሹራት/ፓምፍሌታት የለውን። ብርግጽ እቲ እንኮ ንህዝቢ ቅሩብ ዝኾነ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ፖሊስ ዘሎ ጥራይ ይመስል - እዚ'ኸኣ ጠቓሚ ዝኸውን ኣብ'ቲ ዝደለ ግዜ ናይ መርበብ/ኢንተርነት ኣገልግሎት ንዘለዎ፡ እቲ ሓበሬታ ኣበይ ከምዝረኸቦ ፍልጠት ዘለዎን ከንብቦን ክርድኦን ዝኽእልን ጥራይ'ዩ። ዋላ ከምኡ ከይኑ'ውን እቲ ዝቐርብ ሓበሬታ ኣብ ከምዚ ናይ ሕጂ ብወይዘሮ ኣስካሉ ተላዒሎም ዘለዉ ዓይነት ጉዳያት/ሕቶታት ከዐውት እኹል ኣይኮነን።*
>
> *ኣብ'ዚ ብተመሳሳሊ ዝለዓለ ጥቕሚ ዝህልዎ፡ ሓደ ሰብ ደሃይ ዘጥፈአ ዝፈትዎ ሰቡ ወይ መቕርቡ ከመልከት ኣብ ዝፍትነሉ እዋን ካብ'ቲ ፖሊስ ጣቢያ ወጺኡ ክኸይድ እንከሎ ሕቶኡ/ጥርዓኑ ኣበይ በጺሑ ከምዘሎ ብንጹር ኣፍልጦ እንተዝወሃቦ'ዩ። ብፍላይ ዝለዓለ ጥቕሚ ዝህልዎ እቲ:*
>
> *(x) ዝተመልከተ ጸብጸብ ብግቡእ ከምዝተታሕዘ/ከምዝተወሰደ፡*
>
> *(xi) ጸብጸብ እንድሕሪ ተታሒዙ ከይኑ ፖሊስ እንታይ ዓይነት መስርሕ'ዩ ክኸተል፡ እቲ ዘመልከት ዘሎ ሰብ እንታይ ስጉምቲ ክወስድ ከምዘለዎን፡*

[66] መንነታት ኣብ ከንዲ ሳዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ, ሕጥበ ጽሑፋት 38 & 39.

[67] መዕጸዊ መንነተ ተሓጋጋዚ ኣማኻሪ ሕጊ, ሕጥበ ጽሑፍ 89.

[68] መንነታት ኣብ ከንዲ ሳዕለዋይ ኮሚሽነር ፖሊስ, ሕጥበ ጽሑፍ 41.

*(xii) ጸብጻብ ኣንድሕሪ ዘይተታሒዙ/ዘይተዓልዩ ንምንታይ፡ ከምኡ'ውን*
*(xiii) እቲ ዘመልከት ሰብ እንታይ ከቕርብ ኣለዎ ወይ ንመጻኢ እቲ ዝተመልከተ ጸብጻብ ንኸዓሎ እንታይ ረጃሒታትዩ ከሚልአ ዘለዎን፡ ከፈልጥ እንተዝግበርዩ።*

*ወይዘሮ ኣስካሉ ምጥፉእ ደሃይ ወዳ ብግቡእ ከተመልከትን ነቲ ዝሰዓበ መርመራ ክትከታተልን ዘይምኽኣላ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘሎ ሕጸረት ሓበሬታን ኣብ'ቲ መሰርሕ ዘሎ ህዝባዊ ርድኢትን ከፈጥሮ ዝኽእሉ ሽግራት ንጹር ኣብነትዩ።*[69]

160. እቲ መኣዝን/ግፍሕ ናይ'ቲ መርመራ ኣብ'ዚ ጉዳይ ውሱን ኔሩ፡ ኣነ ብዕሊ ንመስርሕ መዝገብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ካብ ዓይኒ ኣሰራርሓ ተበጊሰ መርመራ ክካይደሉ ፍቕደኛ ከምዘይነበርኩ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣገዳስነት ናቱ ካብ ትዕዝብቲ ኣስካሉን ትዕዝብቲ ማሕበረሰብ ተበጊሰ ይቕበሎየ። ብተወሳኺ ኩሎም ወገናት ነዚ ጉዳይ ኣብ መንተኦም ዳህሲሶሞ ኣለዉ።

**ኣነጋግራ መርድእ (ምብጻሕ መልእኽቲ ሞት)**

161. ዋላ'ኳ ኣብ'ቲ ኣገባብ ኣነጋግራ መልእኽቲ ሞት (መርድእ) ኣብ ግምት ከኣትዉ ዝነበሮም ኩሎም ረቋሒታት ርኢኻን፥ መርማሪ ፖሊስ ራይት ዝሃቦ መረዳእታን መርትዖን ተቐቢልካን ነቐፌታ ክግበር እንተዘይተኻእለ፥ ኣብ'ቲ ኣስካሉ ዘቕረበቶ መንተ ቀሪቦም ዘለዉ እማመታት፥ ኣባላት ፖሊስ ኣብ ምብጻሕ ዜና መልእኽቲ ሞት ጽልዋ ክህልዎም ዝኽእል ባህላዊ ረቋሒታትን ቅድሚ ምብጻሕ ዜና ሞት ብዝተኻእለ መጠን ቅኑዕ ባህላዊ ምኽሪታት ምርካብ ዘለዎ ኣገዳስነትን ዝምልከት ኣስተምህሮ ከወሃቦምን ኣብ ቀረባ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ሓበሬታታት ምድላውን ጠቓሚ ኣለዎ።[70]

**ኣዕጋብነት መርመራ**

162. ክልተ መዳያት ኔረን ብኣስካሉ ንፍሉይ ነቐፌታ ተመሪጸን ዝቐረባ፦

1. ንሞት ሚኪኤል እቲ መርመራ ካብ ዕሽል ደረጅኡ እንከሎ ጀሚርካ ብ"ዘየጠራጥር" ዝብል ቃል ምግላጽ (ኣነ ነዚ ጉዳይ ኣብ ሕጥበ ጽሑፋት 112 - 117 መልሲ ሂበሉ'የ)

2. ሚኪኤል ወይ ከኣ ሬሰኡ ኣበይ በታ ናብ ሩባ ማሪቢርኖንግ ኣትዩ ንዝብል ብወገን መርመራ ዘካየዱ ሰባት ዝተወሰደ ቅኑዕ ዘይኮነ መበገሲ ሓሳብ

163. ምስ'ዚ ሬሳ ሚኪኤል ኣበየናይ በታ ናብ'ቲ ማይ ኣትዩ ዝብል ቅኑዕ ዘይኮነ ሓሳብ ዝተኣሳሰር ሚስተር በርንሳይድ QC ነዞም ዝሰዕቡ ነጥብታት ይጠቅስ፦

*"ሓደ መዳይ ናይ'ቲ መርመራ ኣብ መወዳእታኡስ ጌጋዩ ኔሩ፥፥ እቲ ቀዳማይ ስነሓሳባዊ መግለጺ ዝነበረ፥ ሚኪኤለ ናብ ስሚዝፊልድ ሮድ (Smithfield Rd) ተጠውዩ ንታሕቲ ከይዱ፥፥ ኣብ ገለ ከባቢ፡ ሽነኽ ሰሜን ካብ Smithfield Rd ናብ ሩባ ኣትዩ፥ ንሰሜን ገጹ ከኣ ተንሳፊፉ፥፥ እዚ ስነሓሳብ በቲ ዝተቐረጸ CCTV ቪድዮ ዝተገደፈ'ዩ፥ ሚኪኤል ኣማስይኡ ዕለት 26 ሰነ 2011 ብወገን ምብራቕ ካብ Smithfield Rd ኣብ Racecourse Rd (ሬስኮርስ ሮድ) ኔሩ፥፥ ካብኡ ንንየው ብሸነኽ ምዕራብ ናይ Smithfield Rd ኣብ Racecourse Rd ብዝኸነ ዝተራእየሉ ዝተቐረጸ CCTV ቪድዮ ዘይምህላው'ዩ፥፥ እዚ ስነሓሳብ ምስ'ቲ Smithfield Rd ናብ Ballarat Rd (ባላራት ሮድ) ዘምርሕ ምኽኑን ኣብኡ ከኣ ሚኪኤል ዝነበረሉ በታ ብምኽኑን ይቃዶ'ዩ፥፥*

*ግን እዚ ስነሓሳብ'ዩ ነቲ ኣገባባት ምእካብ ጭብጥታት መምርሒ ዝሃበ (መሪሕዎ) (ጭብጥታት CCTV ወሲኽካ)፥፥ እንተኾነ ግን ተቐባልነት ዝነበሮ ስነሓሳብ'ዩ ኔሩ፥፥ ከሳብ'ታ ዝሰዓበት ሕቶ ትቐርብ፥ እቲ ሬሳ ኣብ'ቲ ዝተረኽበሉ በታ ንክኸውን ከሳብ ከንደይ ኣንጻር ሩባ ንሳዕሲ ከድፋእ ወይ ከንሳፈፍ ኣለዎ ዝብል'ዩ"*[71]

---

[69] መጎተታት ብወከልቲ ወ/ሮ ኣስካሉ ተላ, ሕጥበ ጽሑፋት 131, 132 & 134.
[70] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፍ 147.
[71] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፋት 72 – 75.

164. ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር'ውን ነዚ ጉዳይ መልሲ ሂቡሉ ኔሩ፦

> *"ኣብ ግዜ ምእካብ መርትዖታት መርመራ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር ካብ ጌጋ ዝኾነ መበገሲ ሓሳባት ከቕጽል ሓሳብ ቀሪቡ ኔሩ። ንሱ ከኣ ሚኪኤል ናብ'ቲ ሩባ ዝኣተወሉ ብግምት 4 ኪ. ሜ. ንላዕሊ ኣንጻር ኣንፈት ሩባ፥ ኣብ መንጎ ድንድላት ስሚዝፊልድ ሮድን ረይሊ ሮድን (Smithfield Road Bridge and Raleigh Road Bridge) ዝርከብ ከባቢ። ድሒሩ ዝተረኽበ ናይ ከኣላታት ሓበሬታ ግን እዚ መበገሲ ሓሳባት ተኸእሎ ከምዘይህልዎ ኣረጋጊጹ። እቲ ዝሓሸ ተኽእሎ ዘለዎ ንሱ ዝኣተወሉ 2 ኪ. ሜ. ናብ'ቲ ሩባ ዝጉዓዘሉ ገጽ ካብ'ቲ ኣብ መወዳእታ ሬስኡ ዝተረኽበሉ'ዩ።*
>
> *ተሓጋጋዚ ሕጊ ኣማኸሪ ዳኛ'ውን ነዚ ናይ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር ስነሓሳብ ሚኪኤል ኣበይ ኣብ'ቲ ሩባ ከምዝኣተወ ዝእምት "ከእመን ዝኽእል ጽቡቕ ምኽንያት ዘለዎን" ኔሩ ይብል፥፥ ግን ምስ'ቲ ድሒሩ ዝቐረበ መርትዖ ከኢላታት ምናልባት ጌጋ ኔሩ፤፥ እዚ ተኽእሎ ዘይቅኑዕነት ናይ ሓቅታት ኣዝዩ ካብ መጠን ንላዕሊ ዝኾነ ነቐፌታዊ ትንተና ካብ ምሃብ ጥንቃቐ ክሓትትዩ፥፥ ብተሓጋጋዚ ሕጊ ኣማኻሪ ዳኛ ዝተዋህበ ርእይቶ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር ዘቕረቦ ስነሓሳባት ከእመን ዝኽእልን ጽቡቕ ምኽንያታት ዘለዎን ዝብል ብዓይኒ ግዜ ዝተራእየን ምስ'ቲ ንዕኡ ተቐሪብሉ ዝነበረ ፍልጠትን ርኢ'ኻ ዝተገብረ ቅኑዕን ጥንቃቐ ዝተሓወሶ ገምጋም ኣምነት እቲ መርማሪ'ዩ።"[72]*

165. ኣብ'ዚ ጉዳይ ኣትኩሩ ዝቐረበ ብሚስተር በርንሳይድን ሚስተር ኣይል (ኣማኻሪ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር) መጎተ ኣንቢበዮ። እንተኾነ ግን እቲ ሚኪኤል ወይ ሬስኡ ናብ'ቲ ሩባ ኣበይ ኣትዩ ዝብል ከስርሕ ተባሂሉ ዝተወስደ መበገሲ ሓሳብ ጌጋ ኔሩ፥፥ ብናተይ ርእይቶ መሰረታዊ መበገሲ ንምግምጋም ኣበይ ኣትዩ ከኸውን ከምዝኽእል ዝሕግዝ ምንቅስቓሳት ማይን ማዕበልን ኣብ ሩባ ማሪቢርኖንግ እቲ መርመራ ገና ብዕሽሉ እንከሎ ምስ'ቶም ናይ ማይ ፖሊስ ወይ ከኣ ካልኦት ከኢላታት ከምዝሕተቱ እንተዝግበር ብዓይኒ መርመራ ዝበለጸ ምስትውዓል ዝመልአ ምኾነ። ዋላ'ኳ ከምቲ ሚስተር በርንሳይድ QC ዝበሎ እቲ ስነሓሳብ "ከእምን ዝኽእል" እንተነበረ እቶም ኣብ'ዚ ጉዳይ ንዕኡ ከማኽሩን ከተሓጋግዙን ሓላፍነትን ስራሕን ዝተዋህቦም ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ናይ ከኢላታት ምኽሪ ከረክብ ከሕብርዎ ኔርዎም።

ከም'ቲ ኣብ መርትዕኡ ዝበሎ፦

> *"ብዙሓት ካብቶም ብሰርጀንት ታተር መርመራ ዝተኻየደሎም ነገራት ኣቐዲሞም ኣብ'ቲ መባእታዊ ደረጃ ናይ'ቲ መርመራ ብኣኻ ክካየዱ ዝኽእሉ ጉዳያት'ዮም ኔሮም እንተተባህለ ቅቡል'ዩ። ኣይኮነን ድዩ? ግን ዋላ ሓደ ሰብ ናይ ማይ ፖሊስ፤ ከፍሊ ደሊኻ ኣድሕን ወይ ከኢላታት ማይ ከምዘድልዩኻ መምርሒ ወይ ምኽሪ ዝሃበካ ዋላ ሓደ ካብ ውሽጢ ሓይሊ ፖሊስ .. ቅድሚ'ቲ ጽማቕ ናይ መርመራን ንዳኛ ምቕራብካ ዘማኽረካ የለን፤ .... ትኽክል"[73]*

166. ኣብዚ ነጥቢ መጎተ ናይ ኣስካሉ ከጠቅስየ፦

> *"ዝገርም'ዩ፡ ንፈለማ ግዜ ሓገዝ ናይ ማይ ፖሊስ ዝተሓታተሉ ንምፍላጥ ሚኪኤል ናቲ ማይ ዝኣተወሉ ቦታ ንምፍላጥ ዝነበረ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ምእካብ መርትዖ ዝነበረትዩ ለካቲት 2013 ድሕሪ ልዕሊ 18 ኣዋርሕ ካብቲ ሚኪኤል ዝሞተሉን ካብቲ ጽማቕ መርትዖታት ዝተጠናቐቐሉ መዓልቲ ከኣ ኣዝዩ ድሕሪኡ። ምስ ሰርጀንት ዲክሰን ምስተዘራረብና እቲ ከስርሕ ተባሂሉ ብላ መ ኮ ማክከራከር ዝተወሰደ ስነሓሳብ ጌጋ ከምዝነበረ ቀልጢፉ ንጹር ኮይኑን እቲ መርመራ ካብ መጠን ንላዕሊ ኣትኩሮኡ ንደበብ ገጹ ርሒቑ። ብርግጽ እቲ ምእካብ መርትዖታት ዝያዳ መርመራ ክካየድ መታን ክፈቅድ ንካልእ ግዜ ክሰጋገር ተገዲዱ። ኣብ ፈለማ እዋን ናይቲ መርመራ ሓገዝ ከኢላ መርመርቲ ፖሊስ ከም በዓል ሰርጀንት ዲክሰን ወይ ከኣ ከኢላታት ዋሕዚ ማይ ብዘይምጥላቡ ብወገን ፖሊስ መሰረታዊ ጌጋ ተጌሩ ከምዝነበረ ኣብዚ መጎተ ኣትዩሎ።"[74]*

167. ኣብ መወዳእታ ኣነ እዚ ቅኑዕ ነቐፌታ ከምዝኾነ ዓጊበ'የ። ነዛ ርእይቶ ድሕሪ ምሃብ ኣነ ብተወሳኺ ዕጉብየ ላዕለዋይ መርማሪ ኮንስታብል ማክከራከር ብቅኑዕ እምነት ስሪሑ፡ ኣብ'ቲ መርመራኡ ዝከኣሎ ጌሩን ንሱ ስራሕ መርመራ ሞት ከጅምር ከብገስ ከሎ ፈለማ ከም ተኽእሎ ቅትለት ድሕሪኡ ከኣ ከም መርማሪ ሞት ብምርኣይ ስራሕ መርመራ ፈጺሙ።

---

[72] ጽሑፋዊ መጎተ ኣብ ክንዲ D/S/C ቲም ማክከራከር, ሕጥበ ጽሑፋት 10 – 11.

[73] ቅዳሕ ገጽ 1049.

[74] መጎተታት ብወከልቲ ወ/ሮ ኣስካሉ ተላ, ሕጥበ ጽሑፍ 157.

168. እንተኾነ ግን ኣብ ለካቲት 2013 እምነት ኣብ ልዕሊ መስርሕ መርመራ ሞት ንምርግጋጽ መታን ከርብሕን ማሕበረሰብ ትግርኛ ኣብ'ቲ መስርሕ ዝነበሮም ርእሰተኣማንነትን እምነትን ብዝተኻእለ መጠን መታን ክምለስ ግዝያዊ ላዕለዋይ ሰርጀንት ታተር-ረንደልማን ከም ተወሳኺ መርማሪ ሞት ከምዝኣተ ምግባር ኣድላይ ኮይኑ።

**ጽማቕ ተረኽቦታትን መደምደምታን**

169. እቲ ሕክምናዊ ጠንቂ ሞት "ምስ ምጥሓል ዝመሳሰል" እዩ።

170. እቲ ሞት ዘጋጠመሉ ኣብ ወይ ከኣ ከባቢ ዕለት 26 ሰነ 2011 ኣብ ሩባ ማርብርኖንግ ጥቓ ድንድል ረይሊ ሮድ'ዩ።

171. ብልክዕ መዓስ፡ ብልክዕ ኣበይ ወይ ከኣ ንምንታይ ማይክል ኣብ ሩባ ማርብርኖንግ ኣትዩ ብትኽክል ንጹር መደምደምታ ክግበር ኣይከኣልን'ዩ፡ እንተኾነ ግን ኣነ ንሱ ናብቲ ማይ ዝኣተወ ካብ ድንድል ረይል ሮድ ኣብ ውሽጢ 200 ሜ. ርሕቀት ንላዕልን ንታሕትን ናይቲ ሩባ'ዩ ይብል። ብተወሳኺ ኣነ፡ ንሱ ናብ'ቲ ሩባ ክይዱን ካብ'ታ ንመጨረሻ ግዜ ሰንበት 26 ሰነ 2011 ሰዓት 7.07 ድ.ቀ. ኣብ መደበር ባቡር ኒውማርኬት ዝተራእየላ  ኣብ ውሽጢ ሒደት ሰዓታት መይቱን ክኸውን ዝለዓለ ተኽእሎ'ሎ ኢለ ይድምድም።

172. ኣብ ናይ ማይክል ምጥፋእን ሞትን ኢድ ናይ ፖሊስ ኣይነበረን።

173. ዓመጽ/ኢድ ሰብ ሞት ኣስዒቡ ወይ ከኣ ናብ'ቲ ሞት ኣበርኪቱ።

174. ኣነ ማይክል ኮነ ኢሉ ሂወቱ ኣጥፊኡ ኢለ መደምደምታ ኣይወሰንኩን።

**እማመታት ብዝምልከቶም ወገናት**

175. ኣብ ናይ ኣስካሉ መንተ፡ ምስ መስርሕ መርመራታትን መርመራታት ሞትን ዝተኣሳሰሩ ሓያለ ሃነጽቲ እማመታት ቀሪቦም፡-

*"ኣብ'ቲ መንተ ዝቐረበ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ጉዳይ ንምእላይ እዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ክግበሩ ይጥለብ:*

*(xiv) ዝለዓለ ተገዳስነት ማሕበረሰብ ኣብ ዘለዎም ጉዳያት፡ ስከፍታ ወይ ሻቕሎት ብዛዕባ ርከብ ምስ ፖሊስን ዝምድና ፖሊስን ቤት ፍርዲ መርማሪ ሞት፡ ከም ኣካል ናይቲ መስርሕ ከምዚ ዝስዕብ ክገብር ኣለዎ:*

- *ሕጽር ዝበለ ሓበሬታታት ብዛዕባ መስርሕ ፍርዲ ወይ ሰምዕታ መሰኻኽር ዝወሃበሉ directions hearing/s ኣቐድም ኣቢሉ ክምድብ/ክሰርዕ:*
- *መርመራ ዘካይድ ኣባል ኣብ'ቲ directions hearing/s ተረኺቡ እቲ መርመራ ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑ'ሎ፡ ኣብ ኢዱ ዘለው ዘየካትዕ መርትዖታት ፈሊኻ ምቕራብ ወይ ከኣ ዝኸተሎም መስመራት ዘሎ ምዕባለታት የቕርብ:*
- *ካብ መሰኻኽር ዝቐርቡ መርትዖታት ብዛዕባ ዘየካትዕ ኣርእስትታት/ነገራት ኣብ ቤት ፍርዲ ኣቐድም ኣቢሎም ከምዝውሰዱ ክገብርን*
- *ኣብ ልዕሊ'ቲ መርመራ ጥቡቕ ምክትታል ክገብር:*

*(xv) ኣብ ትካላዊ/መንግስታዊ: መሲሉ ዝረአ ወይ ግሉጽ ምግጫው ረብሓ ብወገን መርማሪ ኣብ ዝምልከቱ ጉዳያት ቤት ፍርድ መርማሪ ሞት ኣካል ናይቲ መስርሑ ክህልዎ ዝግበኦ:*

- *ንትካላዊ: መሲሉ ዝረአ ወይ ከኣ ግሉጽ ምግጫው ረብሓ ኣብቲ መርመራ ዘለዎ ጽልዋ ክርአ ኣለዎ (እንድሕሪ ከምኡ ሃልዩ ኮይኑ):*
- *ነጻ ዝኾነ፡ ተሞክሮን ብቕዓትን ዘለዎ መርማሪ ክምደብ ከምዘለዎ ምርግጋጽን:*
- *እቲ መሲሉ ዝረአ ምግጫው ረብሓ ኣብ'ቲ ዝግበር መርመራ ጽልዋ ኣብ ዝህልወሉ እዋን: ነዚኦም ርእይቶታት/ሰምዒታት ንምምካት ስጉምትታት ኣብ ተግባር ምውዓል- ምስ ኣብዝሓ ማሕበረሰብ ብምምኽኻር; ብወገን ቤት ፍርዲ ዝያዳ መግለጺታትን ርከባት ብዛዕባ ተርኡ ኣብ'ዚ ጉዳይ*

*መስርሕ መርመራን: ምምዳብ ሓድሽ መርማሪ: ወይ ከኣ ምስ ማሕበረሰብ ከም መራኸቢ ኮይኑ ዘገልግል ኣባል ምትእትታው (community liaison officer)::"*[75]

176. ንወይዘሪት ዲክሰንን ለይፊልድን ስለ'ቲ ዘቕረበኦ እማመ የመስግነን። ኣነ መስርሕ ምዕባለታት ዝሕበረሉ early Directions Hearings ኣብ ምስ ፖ'ሊስ ዝተኣሳሰር ጉዳያት ሞት ክትግበር ከምዝጸንሐ ከነጽር ይደሊ። ንመጻኢ ትግባረ ዝዓለመ ከኣ ሚዛን እዞም ቀሪቦም ዘለው እማመታት ተጠንቂቐ ክርእዮ'የ።

## መስርሕ ደሃዮም ዝጠፍኡ ሰባት

177. ብሚስተር በርንሳይድ QC: ሚስተር ሎውሪን ኣስካሉን መጎተታት ተረኪቦም ኔሮም።

178. ሚስተር በርንሳይድ QCን ሚስተር ሎውሪን ዘቕረብዎ መጎተ ኣቓዲመ ኣብ ዓንቀጽ 158 ኣቕሪበዮ።

179. ኣስካሉ ብጣዕሚ ሰፊሕ ዝርዝር ዝሓዘ እማመ ኣቕሪባ።

> *"እቲ ቀዳማይ - ኣብ ኩሉ መደበር ፖሊሳት ንህዝቢ ዝኸውን ሓበሬታ ከህሉ- ብብዙሕ ቋንቋታት - ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ንምምልካት/ጸብጻብ ንምግባር ዘድልዮ መስፈርትታት ዝገልጽ፡ ከምኡ ዓይነታት ሓበሬታ ንጸብጻብ ከተቕርብ ዝሕግዝ፡ ድሕሪት ምድላው ጸብጸብ ከውሰዱ ዝኽእሉ ካልኦት ስጉምትታት*
>
> *ካልኣይ - ኣብቲ መጎተ ዝቐረበ ናይ ቅብሊትን መዝገብን መስርሕ ከተኣታቶ ኣለዎ። እዚ መስርሕ ከካትቶ ዘለዎ ሓደ ኣባል ፖሊስ ኣብቲ ግዜ ርከቦም ኣብቲ መደበር ፖሊስ ነቲ ጸብጻብ ዘቕርብ ዘሎ ሰብ ነዞም ኣብ ታሕቲ ዝጥቀሱ ረቛሒታት ዝገልጽ ወረቐት ይህቦ።*
>
> *(i) ዕለትን ግዜን ርከብ/ሕቶ ዝተገበረሉ:*
> *(ii) ስም ናይ'ቲ ሕቶ ዘቕርብ ዘሎ ሰብ*
> *(iii) ስም ናይቲ ደሃዩ ጠፊኡ ተባሂሉ ዝምዝገበሉ ዘሎ ወይ ሰግኣት/ሻቕሎት ኣሕዲሩ ዘሎን*
> *(iv) ንጹር መለለዩ ናይ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ መዝገብ ተዳልዩ እንድሕሪ ኮይኑ*
> *(v) ናይ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ መዝገብ ተዳልዩ እንድሕሪ ኮይኑ - እቶም ብፖሊስ ዝውሰዱ ዘለው ስጉምቲታትን በቲ ጥርዓን ዘቕርብ ዘሎ ሰብ ከውሰድ ዘለዎምን ዝግብኦምን*
> *(vi) ናይ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ መዝገብ እንድሕሪ ዘየለ ኮይኑ - ምኽንያት ንምንታይ ከምዘይተዳለወን እቲ ዝጠርዐ ሰብ ከወስዶም ዝግብኦም ስጉምቲታትን*
> *(vii) ስም፡ ማዕርግን መለለይ መንነት ፖሊስን ናይቲ ምስ ዝጠርዐ ዘሎ ሰብ ዝተሓጋገዘ ዘሎ ኣባል*
> *(viii) መረጋገጺ ናይ'ቲ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ሓበሬታ ዝሓዘ ጥርጉፍ ነገር ንሓታቲ ሰብ ዝተዋህበ (በቲ ዝምልከቶ ቋንቋ ዝተጻሕፈ ኣገባባት ምምዝጋብ ደሃዩ ዘጥፈአ ሰብ ዝሓዘ ቁርጽራጽ ወረቀት ፓምፍለት ከም ኣብነት ክጥቀስ ይኽእል)*
> *(ix) መረጋገጺ መልሲ ናይቲ መዝገብ ነቲ ሓታቲ ሰብ ከምዝተገልጸሉን ከምዝተረደኦን- ናይ ቋንቋ ሽግራት ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ከኣ ኣስተርጓሚ እንድሕሪ ተጠቒሙ:*
>
> *ሳልሳይ ኣብቲ መጎተ ዝቐረበ ከኣ መዝገብ ደሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ኣብ ዘይተዳለወሉ እዋን መዝገብ ናይ ኩሎም ንሕቶታት ዝተዋህቡ መልሲታት ዝተሓዘሉ ኣሰራርሓ ከተኣታቶ; ምስኡውን ንሓታቲ ዝምልከት በቲ ሕቶታት ዝምልስ ዘሎ ኣባል ዝተመዝገበ ሓበሬታ: ንኣባላት ፖሊስ ሻቕሎታት ድሕነት ሓደ ሰብ ብቐሊሉ ሙታን ክርደኦም - ብፍላይ ተደጋጋሚ ሕቶታት ብሓደ ወይ ከኣ ብዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ዝቐርብሉ ኩነታት:"*[76] *"(ii) ሻቕሎታት ብዛዕባ ህላወ ወይ ከኣ ፍርሒ ብዛዕባ ድሕነት ሓደ: ቅቡላት ክኾኑ ዝኾኑ: ኣብ ከንዲ ብዓይኒ ኣባላት ፖሊስ ዝግምገሙ በቲ ሕቶ ወይ መዝገብ ዝሸፍን ዘሎ ሰብ ክግምገሙ።"*[77]

180. ንኹሎም ወገናት ስለቲ ሃናጺ እማመ ንለበዋታትን ንለውጢ ኣብ ኣሰራርሓን የመስግኖም።

## ለበዋታት

ብመሰረት ዓንቀጽ 72 (2) ናይ ኮሮነርስ ሕጊ 2008 ምስ'ቲ ሞት ዝተኣሳሰሩ ነዞም ዝስዕቡ ለበዋታት የቕርብ:

---

[75] ኣይቢድ, ሕጥበ ጽሑፍ 161.
[76] መጎተታት ብወከልቲ ወ/ሮ ኣስካሉ ተላ, ሕጥበ ጽሑፋት 136, 137 & 139.
[77] ኣይቢድ, ሕጥበጽሑፍ 140 (ii.)

1. ኣነ ንፖ'ሊስ ቪክቶርያ ምሕጽንታይ ዘቕርብ ተግባራውነት ብዝርዝር ኣብ ላዕሊ ኣብ ሕጥበ ጽሑፍ 179 (ኣብ ሰለስተ ክፉላት ዘሎ) ሰፊሩ ዘሎ እማመ ኣብ ግምት ከእትውዎ። ኣብ ናይ ኣስካሉ መሰነይታ ተዘርዚሩ ዘሎ መወሰኽታ (Appendix) A: "መርኣያ እማመ ሕቶታት ድሃዩ ዝጠፍአ ሰብ ግብረመልሲ መዝገብ" ዝምልከት ዝርዝራት ዘብርሀ'ዩ። ኣነ ከኣ ምስዚ ዘቕርቦ ዘለኹ መደምደታ ኣተሓሒዘ የቕርቦ፡ ብተወሳኺ ቪክቶርያ ፖ'ሊስ ተመሳሳሊ ዕላማ ንምውቃዕ ዝዓለመ መስርሕ ትግባረ ኣብ ግምት ከእትው ከምዘለዎም ለበዋይ የመሓላልፍ።

2. ቪክቶርያ ፖሊስ ንኣባላቱ ኣብ ምሃብ ዜና መርድእ ጽልዋ ከህልዎም ዝኽእል ባህላዊ ረቛሒታትን ቅድሚ ዜና መርድእ ምሃብ፡ ጥቕሚን ኣገዳሰነትን ምርካብ ሓቀኛ ባህላዊ መምርሒታት ብዝተኻእለ መጠን ዝምልከት ትምህርትን ሓበሬታን ክሁብን፡

3. ፖሊስ ቪክቶርያ እቶም ዝጥቀመሉም ቃላት ንጹራትን ብኣባላት ቤተሰብን/ወይ ማሕበረሰብን መዋቲ ብቐሊሉ ክርድእዎ ዘለዎም ተኽእሎ ንምርግጋጽ ዓይነታት ሞት ንምክፍፋልን ደረጃታት ንምሃብን ዝጥቀመሉ ቋንቋ ክምዝግምገምን ክምዝረአን ከገብር።

ንቤተሰብ ሚኪኤል ኣታክልት ናይ ጽንዓት ይሃብኩም መልእኽተይ የመሓላልፍ።

ቅዳሕ ናይ'ዚ መደምደምታ ነዞም ዝስዕቡ ሰባት ክወሃብ መምርሒ ይህብ፡

ኣቶ ጌታቸው ስዩም

ወ/ሮ ኣስካሉ ተላ

ላዕለዋይ ኮሚሽነር ፖ'ሊስ ኬን ሌይ APM

መርማሪ ላዕለዋይ ኮንስታብል ቲም ማክክራክር ቀንዲ መርማሪ ሞት

ላዕለዋይ ሰርጌንት ፒተር ታተር-ረንደልማን መርማሪ ሞት

ክታም

ዳኛ ኢያን ግረይ
መርማሪ ሞት ግዝኣት
ዕለት: 28/8/2014